# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.103 ሰሉስ 30 ታሕሳስ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ቀንዲ ፍጻመታት ውሽጢ....


ገጽ 5

ምእላይ ዕፉሬት ኣብ ሓድሽ ዓመት

ገጽ 8
መኸተን ጅግንነትን፡ ያታ ወለዶ ሳዋ


ገጽ 9
ካብ ጎታቲ ጠባያት



# ሰረጀቓ - መደባት ልምዓት ንምዕዋት ዝሕግዝ ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ መደባት ልምዓት ንምዕዋት ዝሕግዝ ዓውደዘተ፡ ብ28 ታሕሳስ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝተወደበን ኣመሓደርቲ 17 ምምሕዳራት ከባቢን ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስትን ሃገራውያን ማሕበራትን ዝተሳተፍዎን ዓውደዘተ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ክፍለማርያም ገብረመስቀል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዕላማ - ተጠቃምነት ሕብረተሰብ ኣብ ዝተዋደዱ ትካላት ንምዕባይን ኣድማዕነት ዝውጠን መደባት ልምዓት ንምርግጋጽን ብውህደት ንምዕያይ ከም ዝዀነ ገሊጹ።



ብመሰረት ዝቐረበ መግለጺታት፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ 23 ኣብያተ-ትምህርትን 26 መውዓሊ ህጻናትን፡ ከምኡ'ውን ሓንቲ ማእከል ጥዕናን 7 መደበራት ጥዕናን ከም ዘለዋ ክሕበር ከሎ፡ ተጠቃምነት ምስ ሰፈሓትን መጠንን ተዋዲዱ ዘሎ ትካላት ክርኢ እኽሎ ዝምስገንኳ እንተኾኑ፡ ንዝበለጸ ውጽኢት ዕቱብ ስራሕ ከም ዝድለ በሪሁ።

ንመደባት ሕርሻዊ ልምዓት ብዝምልከት፡ ኣብ 2025 ካብ ጠቕላላ ዝሕረስ 9,200 ሄክታር እቲ 8,800 ሄክታር ከም እተሓርሰ፡ ከምኡ'ውን ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከም እተሰላሰለ ክሕበር ከሎ፡ ብኣጋ ነቒሊ ዘይምኽያድን ትራክተራት ምጽባይን ካብ ቀንዲ ጠንቅታት ትሑት ምህርቲ ከም ዝኾኑ ተገሊጹ።


ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

ብዘይካ'ዚ፡ ሞያዊ ዓቕሚ መንእሰያት ንምዕባይ ዝተወደበ ስልጠናታትን ጉዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ ዝተኻየደ ኣኼባታትን ጸልውኡን ብዝርዝር ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ተጠቃምነት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘዕቢ ኣስተምህሮታትን ኣኼባታትን ብዝሓየለ ክቅጽል፡ መንእሰያት ደማ ኣብ'ቲ ንምዕባለኦም ዝጠቕም ወፍሪ ትምህርትን ሞያን ኣድህቦ ክገብሩ ዝበሉ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ጎልጅ - ተመሃሮ 'ምህርቲ ጽጉማት ወገናት' ኣኪቦም



ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ኣስታት ሓደ ሽሕ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ጀበል ሓምድ፡ ብዝተዋህሶኦም ምህርቲ ጽጉማት ስድራቤታትን መንግስታዊ ፕሮጀክት ሕርሻን ኣኪቦም።

እዚ ተበግሶ'ዚ፡ ኣካል ናይ'ቲ ምህርቲ ጽጉማት ስድራቤታትን ስድራ-ስውኣትን ንምእካብ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ብሰፊሑ ዝስራሓሉ ዕማም ኮይኑ፡ ኣብ ፕሮጀክትታት ሕርሻ ገርሰትን ኩታይንን'ውን ተመሳሳሊ ኣበርክቶ ከም ዝገበሩ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ኣቶ ደሴ ዘርኣማኑኤል ገሊጹ።

እቲ መደብ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ምእካብ ምህርቲ ዝህልዎ ኣስተዋጽኦ፡ ባህሊ ሓብራዊ ዕዮ ናብ መንእሰያት ዘስርጽ ምዃኑ'ውን ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጎኒ-ጎኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ኣብ ምእካብ ምህርቲ ምስታፍ ዜግነታዊ ግዴታ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ኩሉ ዝውደብ ልምዓታዊ መደባት ክዋስኡ ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጾም።

ኣብ'ቲ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝካየድ ዘሎ ምህርቲ ናይ ምእካብ ወፍሪ፡ ህዝብን ሰራዊትን ተወሲዶም ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብሩ ምህላዎም፡ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሮም።

# ሓልሓል - ምርጫ ኣካየድቲ ስራሕን ኣካባቢርቲ ዓድን ተኻይዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል - ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ኣዋልድ፡ ብ25 ታሓሳስ ምርጫ ኣካየድቲ ስራሕን ኣካባቢርቲ ዓድን ተኻይዱ።



ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ስሌማን ዑመር ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ብዕዙዝን ንቑሕን ተሳትፎ ህዝቢ እቲ ማስርሕ ምርጫ ብጽፈት ከም እተሳለጠ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ኣቶ ግርማጽዮን ኣብርሃ ብወገኑ፡ እቶም ዝምረጹ ሰራሕተኛ ዘስርሑ ኣርኣያ ሃገራዊ ክብርታት ክኾኑ ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

# ደቡብ - ካብ ሓልሓለ ናብ እምኒ-ጸሊም ዘእቱ ጽርግያ ተሰሪሑ

ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡስ ዞባ ደባርዋ፡ ካብ ሃገራዊ ማእከል ምርምር ሕርሻ ሓልሓለ ንጉዳም ኣቢሉ ብጹእኣምላኽ ሓሊፉ ናብ እምኒ-ጸሊም ዘእቱ 7 ኪሎ-ሜተር ዝንውሓቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ብፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ቁጽሪ 6 ተሰሪሑ።

እቲ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ጀሚሩ ብምሩጽ ሓመድ ዝተሰርሐ 8 ሜትሮ ጎኒ ዘለዎ ጽርግያ፡ መእለዩ ውሕጅን ሓንቲ ቢንቶን የጠቓልል።

ኣባላት ኮሚቴ ጽርግያ እምኒ-ጸሊም - ጉዳም ኣቢኑ ብጹእኣምላኽ ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ መስመር ኣብ'ቲ ከባቢ ንዘለዉ ሕጽረታት ከም ዝፈትሕ፡ ከምኡ'ውን ሕርሻዊ ምህርቶም ብዝቐለለ ናብ ዕዳጋታት ንምብጻሕ ዕድል ከም ዝፈጥረሎም ገሊጾም።

ሓላፊ ማሽነሪ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ቁጽሪ 6 ኣቶ ቴድሮስ ገብረየሱስ ብወገኑ፡ ህዝቢ ንዝገበሮ ደገፍን ምትብባዕን ብምምስጋን፡ እቲ ጽርግያ ንነዊሕ ግዜ ንኸገልግሎም ምእንቲ፡ ነባሪ ኣብ ምዕቃቡን ምክንኻኑን ክሰርሕ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣቶ ፍረወንጌል ተኸለሃይማኖት ድማ፡ እቲ ጽርግያ ንብርክት ዝበለ ዓድታት ኣገልግሎት ስለዝህብ፡ ኣብ ምብራኽ ህዝቢን ምዕባለ'ቲ ከባቢን እወታዊ ኣስተዋጽኦ ከም ዘበርክት ጽንዑ እምነቱ ገሊጹ።

እምኒ-ጸሊም፡ ካብ ከተማ ደባርዋ ንሸነኽ ደቡባዊ ምዕራብ 10 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።

# ደቡብ - ንመምህራን 'ስልጠና ቋንቋ እንግሊዝ' ተዋሂቡ

ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ደቡብ፡ ብ20 ታሕሳስ - ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ካብ ዝርከብ 28 ናይ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተዋጽኡ መምህራን፡ ስልጠና ቋንቋ እንግሊዝ ወሃበ።

ኣቦመንበር ናይ'ቲ ጨንፈር መምህር ሳምሶን ነጋሽ ንሓፈሻዊ ዕላማን ተልእኾን ማሕበር ዝምልከት መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፡ በብእዋኑ ስልጠናታት እናወደቦ ዓቕሚታት ኣባላት ሓፍ ምባል፡ ካብ ቀንዲ ዕላማታት ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

እቲ ስልጠና ዝሃበ መምህር ሰረብ እስጢፋኖስ ድማ፡ ኣብ ምንባብ፡ ምጽሓፍ፡ ምስማዕን ምርዳእን ዘተኰረ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዝ ብኣበሃህላ ዝተሰነየ መግለጺ ሂቡ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ሓላፊ ስነ-ምምሃርና መምህር ዑቕባይ ፍቓዱ ብወገኑ፡ እቲ መደብ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።



# ገልዓሎ - ኣብ ተሳታፍነት መኣዲ ትምህርቲ ዕብየት ይምዝገብ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዝምስገን ዕብየት የመዝግብ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዑመር ሓሰን ገሊጹ።

ንሕናን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ መምህር ዑመር፡ መንግስቲ ኤርትራ ዝርግሐ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምብጻሕ ክዑበር ብዘጸንሖ ወፍሪ፡ ዝርግሐ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ከምዝተባጽሐ ብምጥቃስ፡ ሎሚ ዓመት ቁጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ብ30 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ኣረዲኡ።

ተራ መዋእለ-ህጻናት ኣብ ምትሓዝ መሰረትን ምኽሳብ ሃገራዊ ክብረታትን ቀሊል ከምዘይኮነ ብምግላጽ ድማ፡ ኣብ'ዚ ዓመት-ትምህርቲ 32 ሓደስቲ ብምውሳኽ፡ ቁጽሪ ትካላት መዋእለ-ህጻናት ናብ 41 ክብ ከምዝበለ፡ ኣብ 'ኣርሓ ራጋሊ' ሓንቲ ናይ ማእከላይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ከምእተኸፍተት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ቤት-ትምህርቲ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ስወእ ኢብራሂም ሓቢብ ተወሲኽቲ መማሃሪ ክፍልታትን መንበሪ መምህራንን ከምእተሰርሐ ኣብሪሁ።

ንተሳትፎ ተመሃሮ ብዝምልከት ድማ፡ ዝሓለፈ ዓመት ድሕሪ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ብሓፈሻ ብ15 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ሓቢሩ።

መምህር ዑመር ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ዚ እዋን ንደቀም ናብ መኣዲ ትምህርቲ ዘይልእኩ ወለዲ'ኳ እንተዘይሃለው፡ ዋሕዲ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ስለዘሎ ምቁራጽ ከምዘጋጥም ብምጥቃስ፡ እዚ ንምፍዋስ ምኽፋት ኣሕዳራት ቤት-ትምህርቲ ክቕላጠፍ ጸዊዑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝዘርጋሓ 81 ኣብያተ ትምህርቲ ከህልዋ ከለዋ፡ ሎሚ ዓመት 1,826 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 5,467 ተመሃሮ ኣኣንገደን ኣገልግሎት ይህባ ከምዘለዋ፡ ሰነዳት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ የረድኡ።

# ሃይኮታ - ሞያዊ ዓቕሚ መንእሰያት ንምዕባይ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ሞያዊ ዓቕሚ መንእሰያት ብምዕባይ ንፍርሶም ኩይኖም ንሕብረተሰቦም ዘገልግሉሉ ባይታ ንምፍጣር ዝዓለመ ስልጠና ተዋሂቡ።

ኣየም 57 መንእሰያት ንምምራቕ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ መምህር ዓብደልከሪም ኣደም፡ እቲ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ስልጠና - ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ምውዳድ ጽሒፋዊ ጸዕትን ዘጠቓልል ምንባሩ ገሊጹ።

ግዝያዊ ሓላፊ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ማርቆስ ግርማጼን ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ኩለን ንኡስ ዞባታት ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ ምሕያል ዓቕምታት መንእሰያት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ብውልቃዊ ጻዕሪ ከማዕብልዎ ኣተሓሳሰበ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ሸኽዲን ሳልሕ ድማ፡ በብእዋኑ ዝውደብ ስልጠናታት ኣብ ምምሕያሽ ሞያዊ ዓቕሚ መንእሰያትን መነባብሮ ስድራቤታትን ዘለዎ ጽልዋ ኣቃሊልካ ከምዘይርአ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ብግብራዊ ስራሕ ከዕብርቕዎ ኣዘኻኺሩ።

# ጋሕቴላይ - ቅነ ውዳበ መንእሰያት ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ "ኮም ዝሰረቱ ውዳብና መሰረት ውሑስ ምዕባለና" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ቅነ ውዳበ መንእሰያት ምምሕዳራት ከባቢ፡ ብ21 ታሕሳስ ኣብ ጋሕቴላይ ተዛዚሙ።

እቲ ንኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ዝቐጸለን ንምምሕዳራት ከባቢ ጋሕቴላይ፡ ዓድሸሙ፡ ሸባሕ፡ ደማስን መትከል-ኣቤትን ዝሳተፉን ቅነ፡ ስፖርታዊ፡ ባህላውን ትምህርታውን ውድድራት፡ ከምኡ'ውን ሰሚናራት፡ ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታትን ማእቶታዊ ንጥፈታትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ምምሕዳር ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ መንእሰይ ሳላሓዲን ዓሊ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ እቲ ቅነ ኣካል ናይ'ቲ ንቐሓትን ብቕዓትን መንእሰያት ንምብራኽ በብእዋኑ ክውደብ ዝጸንሐ መደባት ምዃኑ ጠቒሱ፡ ዕቑር ዓቕምታት ዝንጸብረቕሉ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ መንእሰይ ሱሌማን ዩሱፍን ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ይሓይሽ ጉብረስላሴን ብወገኖም፡ ማሕበር ዓቕሚ መንእሰያት ንምብራኽ ዝጉበሮ ዘሎ ወፍሪ ዝሓሸ ውጽኢት ደርኪቦ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ንዝበርኽ ዕማም ብውህደት ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ'ቲ ብህላዊ ማሳናድኢ ዝደመቐ ስነ-ስርዓት ምዝዛም፡ ኣመሓዳሪት ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃን ካልኦት ሓለፍትን ንዕወታት ሽልማት ዓዲለን።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ኣብ መንጎ ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት - ቡያ ንዝተዓወቱ ፍሉይ ሽልማት ከምእተዋህቡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

# ሓልሓል - ብዛዕባ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ተመሃሮ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ መሉብሶ - ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ማሕበራዊ፡ ስምዒታውን ባህርያውን ኩነታት ቈልዑ ንምልላይ ዝዓለመ ስልጠና፡ ንኣስታት 450 መምህራን፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ሰራሕተኛታትን ተዋሂቡ።

ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ተመሃሮ ብግቡእ ብምልላይ ንምሕጋዝም፡ መጠን ዝተርፉን ዘቋርጹን ተመሃሮ ከምዝኸኢ ንምጉባር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ተመሃሮ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገማት ብእጋ ፈሊጥካ ዘድሊ ሓገዝ ንምግባር ከምዝኾነ ተገሊጹ።

ካብ ኣሃዱ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ሚኒስትሪ ጥዕና ኣቶ ሰለሙን ነማርያም፡ እቲ ስልጠና መረዳእታን ዝምድናን መምህራንን ተመሃሮን ብምዕማቕ፡ ጥዕናዊ ጸገማት ዘለዎም ተመሃሮ ዝሕገዙሉ ባይታ ዘጣጥሕ ምዃኑ ሓቢሩ።

ማዕረ-ማዕረኡ'ውን ወለዲ ጸገማት ደቆም ከለልዩን ምስ መምህራን ብምውህሃድ ደቆም ዝሕገዙሉ ኩነታት ንምፍጣር ከምዝሕግዝ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ተመሃሮ ዝርአ ዘይንቡር ንጥፈታት ይኹን ኣካዳሚያዊ ድኻምት ብዘዕዝሕ መንገዲ ክጥምትዎ ዘኽእል ኣገዳሲ ስልጠና ከምዝቐሰሙ ኣረዲኦም።



# ቀንዲ ፍጻመታት ውሽጢ ሃገር 2025

ኣርሴማ ኣስመሮም
ኣ/ዜ/ኤ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ 9 - 13 ታሕሳስ ኣብ ንጉስነት ስዑዲ ዓረብ፡ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ፈጺሙ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ወራሲ ዓራትን ቀዳማይ ሚኒስተርን ንጉስነት ስዑዲ-ዓረብ ኣሚር መሓመድ ቢን ሳልማንን ኣብ ሪያድ ቤተ-መንግስቲ ኣልየማማ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ስዑድያን ዝሎ ታሪኻውን ሕውነታውን ዝምድና፡ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ብዝበለጸ ንምስፋሑን ንምምዕባሉን ተዘራሪቦም።

ኣብ ዞባዊ ጉዳያት ድማ፡ ኣብ ኩነታት ተፋሰስ ኒል፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕርን ወሸመጥ ዓረብን ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ስዑድያ ግቡእ ተራኣ ክትጻወተሉ ኣብ ዘኽእል መዳያት ሓሳብ ተለዋዊጦም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዝተጓዓዘ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ዝርከቦ ልኡኽን፡ ተበጺሖ ዝሎ ምዕባለ ንምዕዛብን እንታይ ኮንካ ከምዝከኣል ንምዝርራብን ዝዓለመ ዑደት ኣብ ወደብ ጅዳ ብምኽያድ፡ ምስ ሓለፍትን ኣካየድቲ ስራሕን ኣብ ዝወሃብ ኣገልግሎታትን ኣገባብ ስራሕን ብሰፊሑ ዘትዩ።

***

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ኣቦመንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃንን፡ ብ10 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ፣ ብ30 ሕዳር ድማ ኣብ ፖርትሱዳን ተራኺቦም ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታት ተዘራሪቦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ጀነራል ኣልቡርሃንን ኣብ ናይ ኣስመራ ርክቦም፡ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታት ኤርትራን ሱዳንን፡ ግጭት ሱዳንን ምዕባለታቱን፡ ከምኡ'ውን ንክልተአን ሃገራት ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎ ዞባውን ዓለማውን ጉዳያት ብዕሙቑ ዘትዮም።

ብተመሳሳሊ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ፖርትሱዳን ኣብ ዝተራኸቡሉ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ጽኑዕን መትከላውን መርገጺን ደገፍን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንሰምርትን ልኡላዊትን ሱዳን ደጊሙ ብምርግጋጽ፡ ዘላቒ ሰላም ክሰፍን ዝረጋገጽ፡ ኤርትራ ኣብ ጉዒ ሱዳንን ሓለፍቲ ምርግጋጽ ሓድነታ ዝዋቐበት ርጉእቲ ሱዳን ተሰኪሙ ዘሎ መሰጋገሪ ባይቶን ደው ከምእትብል ኣረጋጊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብ10 ጥቅምቲ ብቐዳማይ ሚኒስተር - ዶ/ር ካሚል እድሪስ ምስ ዝተመርሐ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ከምኡ'ውን ሚኒስተር ዜና፡ ባህልን ቱሪዝምን ዝሓቖፈ ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ሱዳን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድና፡ ግጭት ሱዳን ንምዕራፍ ኣብ ዝቐድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎ ዞባውን ኣህጉራውን ምዕባለታት ዘትዮም።

***

ብዕድመ ፕረዚደንት ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲ፡ ካብ 30 ጥቅምቲ - 4 ሕዳር ድማ ኣብ ረፓብሊክ ግብጺ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዝፈጸመ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ፕረዚደንት ኣልሲሲ ኣብ ምድልዳል ክልተኣዊ ዝምድናን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ዞባዊ ጉዳያትን ተዘራሪቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ረፓብሊክ ግብጺ ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲን ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ንታሪኻዊ ዝምድናታት ኤርትራን ግብጽን ኣቐዲሞም ዝተበጽሐ ስምምዓትን ዝተገብረ ምርድዳኣትን ኺስጋሱን ብምግዛእ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዝካየድ ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝ ንምድንፋዕ ተሰማሚዖም።

ኣብ ዞባዊ ጉዳያትን ምዕባለታትን ብሓፈሻ፡ ኩነታት ሱዳን፡ ሶማልን ጸጥታ ቀይሕ ባሕርን ኣተኩሮም ኣብ ዘካየድዎ ዘተ ድማ፡ ዘሎ ዓቕሚታት ብምውህሃድ፡ ኣብ ክብረት ግዝኣታዊ ሓድነት፡ ከምኡ'ውን ርግኣትን ሰላምን ናይ'ተን ሃገራት ዘሎ ሓባራዊ ራኢ ንምስማር ብዕቱብ ክሰርሕ ተረዳዲኦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ'ዚ ሱዳን ብኸበድ ፈተና ትሓልፈሉ ዘላ እዋን፡ ጽኑዕ መርገጺ ኤርትራ ምስ ህዝቢ ሱዳንን ግዝኣታዊ ሓድነት ሱዳንን ደጊሙ ብምርግጋጽ፡ ግዳማዊ ምትእትታው ኣብ ኩነታት ካብ ምብኣስ ሓሊፉ ዝምጽኦ ፋይዳ ከምዘየለ ኣሰሚሩ።

ፕረዚደንት ኣልሲሲ ብወገኑ፡ ኣብ ሱዳን፡ ሶማልን ዞባ ቀይሕ ባሕርን ሰላምን ርግኣትን ንኽሰፍን፡ ሃገሩ ግቡእ ተርኣ ክትጻወት ዘለዋ ቅሩብነት ብምርግጋጽ፡ ብቐጥታ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ዝዳወባ ሃገራት፡ ሰላሙን ጸጥታኡን ንምውሓስን ተጠቀምቲ ጸጋታቱ ክኾና፡ ዓቕሚታተን ኣወሃሂደን ብሓባር ክሰርሓ ከምዝኾና ኣስሚሩሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብ1 ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት 'ዓቢ ቤተ-መዘክር ግብጺ' ተሳቲፉ።

***

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብ12 ሕዳር፡ ንፍሉይ ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ - ሚስተር ገዋንግ ኮንግ ተቐቢሉ፡ ኣብ ጉዳያትን ምዕባለታትን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘተኮረ ዘተ ኣካይዶም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ተራ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ምፍታሕ ግጭታት ብኸመይ ክኸዶ ዝጸንሐ ኣገባብ ፍረን ወጽኢትን ከምጽእ ከምዘይክእል፣ ኣብ ኣፍሪቃ ንዘኽሰቱ ሽግራት ድማ፡ ተሓታትነት ብዘይብሉ መንገዲ ዓቃብ ሰላም ኣዋፊርካ ሰላም ክርከብ ከምዘይክኣል ብምንጻር፡ እቲ ጉዳይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንብዩኑ ዝሕመየሉ ዘይብሉ፡ ወጽኢት ህልው ዓለማዊ ስርዓት ከምዝኾነን ክቕየር ከምዘለዎን ሓቢሩ።

ብኻልእ ወገን፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብ24 መጋቢት ንሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ የመን - በድር ቢን ሓመድ ኣልበስዒዲ፡ ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ታሪኻዊ ዝምድናታት ኤርትራን የመንን ምምዕባል ንክልተኣዊ ረብሓ ዘገልግል ስለዝኾነ፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ሓባራዊ መረዳእታን ራኢን ክህሉ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣብ ምርድዳእ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ጸጥታን ርግኣትን ናይ'ዚ ዞባ ብሓፈሻ ናይ ቀይሕ ባሕርን ወሸመጥ ዓረብን ድማ ብፍሉይ ንምውሓስ፡ ኣብ መንጎ ዝምልከተን ሃገራት ናይ'ቲ ዞባ - ርክባት፡ ምትሕብባርን ሓባራዊ መደባትን ክህሉ ኣገዳሲ ምዃኑ ብሰፊሑ ተመያይጦም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትሪን ኣቶ ነስረዲን መሓመድ ሳልሕን ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወትን ዝቖመ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ15ን 16ን ጥቅምቲ ኣብ የመን ናይ ስራሕ ምብጻሕ ፈጺሙ።

እቲ ልኡኽ፡ ምስ ሚኒስተር ንግድ፡ ኢንዱስትሪን ወፍርን ቐይስ ቢን መሓመድ ኣልየሱፍ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ በድር ቢን ሓመድ ኣልበስዒዲ፡ ከምኡ'ውን ምስ ሰበስልጣን ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስትን ናይ ግሊ ኩባንያታትን ተራኺቡ፡ ኣብ ምድንፋዕ ዝምድና ኤርትራን የመንን ብሓፈሻ፣ ኣብ ጽላታት ቁጠባ፡ ንግድን ወፍርን ድማ ብቐንዱ ዘትዩ።

***

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ ወርሒ መጋቢት 2017 ንኽልተ እብረ ኣቦመንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃ ኮይኑ ዝሰልገለን ኣብ ወርሒ ለካቲት 2025 ኣብ ዝተቓነየ መበል 38 ስሩዕ ኣኼባ መራሕቲ ኣባል ሃገራት ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጅቡቲ ዝበረ ማሕሙድ ዓሊ ዩሱፍ ዝተተክአንሞሳ ፈኪ መሓመድ፡ ብ30 ጥሪ ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሙሳ ፈኪ፡ ኣፍሪቃ ምስ ዘለዋ ምስ ጸጥታን ምርግጋእን ዝተተሓሓዘ ሓያሎ ብድሆታት፡ ውሽጣዊ ድኻምትን ግዳማዊ ምትእትታዋትን ተደሚሩ ዛጊት ከም'ቲ ዝድለ ክትሰስኖም ከምዘይከኣለት ብምሕባር፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ማላዊ እጃመን ብስሩዕ ዘይምኽፋለን'ውን እቲ ሕብረት ኣብ ንጹእ ዓቕሙ ከምርከብ ካልእ ብድሆ ኮይኑ ከምዝሎ ኣብሪሁ።

ውሽጣውን ሓድሕዳውን ግጭታት፡ ቅልውላዋት፡ ግብረሽበራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መድረኻት ንኣፍሪቃን ጉዳያታን እቲ ዝድለ ኣተኩሮ ዘይምሃብ ካብ ቀንዲ ዓንቀፍቲ መዳያት ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ሙሳ ፈኪ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ኣህጉራውን ክፍለዓለማውን ጉዳያት ዝለዎ ሃብታም ተመክሮን ኣፍልጦን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ተራ፡ ኣበርክቶን ተሳትፎን ኤርትራን መራሕነታን ኣብ ምግጣም ናይ'ቲ ብድሆታት ኣዝዩ ሓጋዚ ከምዝኾነ ገሊጹ።

***

ብተመሳሳሊ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብ27 ለካቲት ኣብ ኣስመራ ምስ ኮሚሽነር ፖለቲካዊ ጉዳያት፡ ሰላምን ጸጥታን ሕብረት ኣፍሪቃ - ባንኮለ ኣደኦየ፡ ብዛዕባ ሰላምን ጸጥታን ኣፍሪቃ ብቐንዱ ድማ ዞባዊ ምዕባለታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ተዘራሪቡ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣፍሪቃ ከም ምሉእ ኩናት ሓድሕድ ገይርካ ንምቕባእን ግርጭታት ንምምሕዳርን፡ ዝተፈላለያ ሓይልታት ኣብዚ ኣህጉር ገደቡ ዝሓለፈ ምትእታትው ከምዘዝውብራ፣ ሕብረት ኣፍሪቃ ድማ ዝኢ ንምእራም ዝወሰዶ ዝጥቀስ ስጉምቲ ዛጊት ከምዘየለ ብምግላጽ፡ እቲ ቀንዲ ክኸውን ዘለዎ ምምሕዳር ኩናትን ግርጭታትን ዘይኮነስ፡ ንምክልኻሉ ምስራሕ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ሕብረት ኣፍሪቃ ብሰንኪ ድኹም መዋቕራዊ ቅርጹን ግዳማዊ ምትእትታዋትን፡ ትጽቢትን ሃንቀውታን ኣፍሪቃውያን ከማልእ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ወሪዱ ከምዝሎ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብሰንኪ'ዚ ድማ፡ ግዳማውያን ሓይልታት ረብሓታተን ንምስማር ሐዘንአ ንዝመጻ ሓላኺ ኣጀንዳታት "ኢዩፋል" ክብለሉ ኣብ ዝይክእል ደረጃ ከምዝበጽሐ ብዝርዝር ገሊጹ።

***

ኤርትራን ኢጣልያን ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘካየድኦ ርክብ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድናን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ብምዝታይ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ሓፈሻዊ ናይ ምትሕብባር ሰነድ ከቲሞን።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብ29 ሓምለ ብሚኒስተር ሕርሻ፡ ልኡላውነት መግቢን ሃብቲ ገረብን - ፍራንቸስኮ ሎሎብሪጊዳ ምስ







ዝተመርሐን ምኽትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን - ኤድሞንዶ ቺርየሊ ዝርከቦን ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድናን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ተዘራሪቡ።

እቲ ኣብ ዝተሰለየ ናይ ልምዓት መደባት ዘተኮረ ርክብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ 2024 ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጆርጅያ ሜሎኒን ኣብ ሮማ ዝተበጽሐ ምርድዳእ ኮይኑ፡ ኣብ ጽላታት ጸዓት፡ ወፍሪ፡ ምምዕባል ትሕተ-ቅርጺ፡ ምስናዕ፡ ሕርሻ፡ ሃብቲ ባሕሪ፡ ቱሪዝም፡ ባህሊ፡ ስፖርትን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን፡ ቁጠባዊ ሽርክነት፡ ከምኡ'ውን ዞባዊ ሰላም፡ ጸጥታን ርግኣትን ዘተኮረ ነይሩ። ኣብ'ዚ ዝተጠቐሰ ጽላታት ሓፈሻዊ ናይ ምትሕብባር ሰነድ ድማ ተኸቲሙ።

እቲ ላዕለዋይ ልኡኽ ብዘይካ'ዚ፡ ናብ ዓዲ ተኸዚዙ ወደብ ባጽዕን ትካል ዕረያ መራኽብን ኣብ ዝጸሓሉ፡ ንታሪኻዊ ድሕረብይታ ወደብ ባጽዕን ዝሀቦ ዝበረ ኣገልግሎታትን፡ ድሕሪ ናጽነት ዝተገብረሉ ናይ ምስፋሕ ስራሓትን ደሊቡዎ ዘሎ ዓቕሚ፡ ከምኡ'ውን ተኽእሎታት ወፍሪ ኣብ ጽላት ሃብቲ ባሕሪ ኣብ ዘደንፍዑ መዳያትን ሃብታም ጸጋታት ባሕሪ ኤርትራን ብውሽጣዊ ዓቕሚ ተበጊሱ ዘሎ ናይ ምስናዕ ስራሓትን ዝምልከት መብርሂ ተዋሂብዎ።

***

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ፕረዚደንት ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲ፣ ኣማኻሪ ፕረዚደንት - ኣቶ የማነ ገብረኣብ ድማ ናብ ፕረዚደንት ሳልቫኪር ማያርዲት ኣብጺሖም።

ሚኒስተር ዑስማን ብ23 መጋቢት መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ግብጺ ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲ ኣብጺሑ።

መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ምዕዛዝ ኩሉመዳያዊ ክልተኣዊ ዝምድናታትን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያትን ዘተኩረ'ዩ።

ሚኒስተር ዑስማን ብ22 መጋቢት ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ረፓብሊክ ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብዱልዓጢ፡ ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕብባርን ኣብ ምዕዛዝ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ጉዳይ ጸጥታ ቀይሕ ባሕርን ካልኦት ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያትን ዘተኩረ ዘተ ኣካይዱ።

ብተመሳሳሊ፡ ብኣማኻሪ ፕረዚደንት - ኣቶ የማነ ገብረኣብ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ2 ሚያዝያ መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ሳልቫኪር ማያርዲት ኣብጺሑ።

መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናይ ነዊሕ እዋን ምሕዝነት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምስ ሓው ህዝብን መንግስትን ህዝብን ደቡብ ሱዳን ደጊሙ ዘረጋግጽ፣ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ንምድንፋዕ ተጸቢጢ መደባት ዘለዎ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ወሸጥን መንጎን ሃገራት'ቲ ዞባ ሰላምን ርግኣትን ንምስፋን ምትሕብባር ንምድንፋዕ ዝሕግዝ እማመ ዝሓዘ'ዩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ፕረዚደንት ሳልቫኪር፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳንን ስጡም ኣርኣያ ከምዝሎ ኣረጋጊጹ።

***

ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል

ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ

ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ መበል 80 መጋባእያ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራትን ጉዳያቱ ዝተኻየደ ጽላታዊ ኣኼባታትን ተሳቲፉ።

ብ29 መስከረም ኣብ መበል 80 መጋባእያ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ሚኒስተር ዑስማን፡ ናይ ዓለም ህዝብታት፡ ኣብ ኩለን ክፍሉ-ዓለማት፡ ሰፊሕ ምሕዝነት ማሰራዩም ናይ ቃልሲ ወጥናቶም እናኸለሱን እናረቖቑን ኣንጻር ዕብለላን ወራርን ዝምታን ማኪዶም ምኽንያት ከሰውት፡ መሳርያምን ውጹሪምን ከወርሓዩ መድረኻዊ ግድትት ከምዝሽሩ ገሊጹ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ጉዲ-ጉዲ'ቲ መጋባእያ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባታት ብምስታፍ መርገጺ ኤርትራ ከስፈር እንከሎ፡ ምስ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረሽ፣ ላዕለዋይ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ጉዳያት ኣፍሪቃ፣ ከምኡ'ውን ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሓያሎ ሃገራት ተራኺቡ፡ ኣብ ምምዕባል ዝምድናታትን ሓባራዊ ኣገዳሲት ዘለዎም ጉዳያትን ምዕላታትን ዘትዩ።

ምስ ዋና ጸሓፊ ኣንቶንዮ ጉተረሽ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ሚኒስተር ዑስማን፡ ብትልቢብ "ማሕት ባሕሪ" ንዝተዋደደ ዘሎ ናይ ምኽፍሓፍሕ ዓንዲ ምትኹታኻት ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕተ ዝሽሩ ይኹን ኩነታት ናብ ከም'ዚ ዝበለ መኣድታትን ኣጀንዳታትን ከምዝዩትዕዩም ዘጽር እወጅ መርገጺኣ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ብዘውሻኽ፡ ሚኒስተር ዑስማንን ላዕለዋይ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ጉዳያት ኣፍሪቃ - ማሳድ ፋርስ ቦሎስን ድማ፡ ኣብ ምሕዳስ ዝምድና ኤርትራን ኣመሪካን፡ ክልተኣዊ ሽርክነት ንምዕዛዝ ዘሎ ዕድላት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኣገዳሲት ሃናጺ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ክልተኣን ሃገራት ኣብ ዞባዊ ርግኣት፡ ጸጥታን ቁጠባዊ ምዕባለ ጸቕጦም ዘትየም።

ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ፡ ኢራን፡ ኒካራግዋ፡ ኣልጀርያ፡ ጋምብያ፡ የመን፡ ሽወደን፡ ከቡ ሱዳን፡ ብሩንዲ፡ ግሪኽን ፖርቱጋልን፡ ከምኡ'ውን ፍልይቲ ልእኽቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ምኽትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሶማል ኮርያ፡ ከምኡ'ውን ሊቀ-ጳጳሳ ቫቲካን ተራኺቡ፡ ኣብ ምምዕባል ዝምድናታትን ሓባራዊ ኣገዳሲት ዘለዎም ጉዳያትን ተዘራሪቡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ካብ 24 ክሳብ 26 ለካቲት ኣብ ጀኔቫ - ስዊዘርላንድ ኣብ ዝተኻየደ መበል 58 ኣኼባ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት፡ ብቪድዮ ዝተቐርጸ መደረ ኣስሚዑ።

ሚኒስተር ዑስማን እቲ ኣኼባ - ዓለምና ዝፍተን ብደህታት ገጠምዋ፡ ሃገራት ብጐርጭጥታት ኣብ ዝሕመሰሉ ዘለዋ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ድማ ዕቱብ ስጉምቲ ክወስድ ትብዖት ኣብ ዝለኣሉ እዋን ይካየድ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ክጻወት ዝግባእ ተራን ሓዝዎ ዘሎ ቁመናን ብምዝማድ መብርሂ ሂቡ።

ብ1 ስነ ድማ፡ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ኣብ ከተማ ደልሂ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ረፓብሊክ ህንዲ ዶ/ር ጃይሻንካር ተራኺቡ፡ ኣብ ምዕዛዝ ክልተኣዊ ዝምድና ኤርትራን ህንድን ብሓፈሻ፡ ኣብ ጽላታት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ንግዲን ወፍሪን ዝገበር ምትሕብባር ንምድንፋዕ ድማ ብፍላይ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ህልው ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ዞባ ቀይሕ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያኖስን ተመያይጡ።

# ቀንዲ ፍጻመታት . . .



ሚኒስተር ዑስማን ብዘይካ'ዚ፡ ብ17ን 18ን ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንዘፈጸመት ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሽወደን ሚስ ማርያ ማልመር ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ሚኒስተር ዑስማንን ሚኒስተር ማርያን፡ ኣብ ዝምድና ኤርትራን ሽወደንን፡ ዞባዊ ጉዳያትን ምዕባለታትን፡ ከምኡ'ውን ጸጥታ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ዘተኩረ ዘተ ኣካዪዶም።

ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ ምስ ሚኒስተር ማርያ ማልመር ኣብ ዝገበረቶ ርክብ ድማ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ መንግስቲ ኤርትራ ብዘለዎ ዘሰላስሎ ዘሎ መደባትን ወጽኢቱን መብርሂ ሂባ።

ብጐልእ ወገን፡ ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ኣቶ ቢንያም በርሀ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ "ፍትሒ ንኣፍሪቃውያንን ኣፍሪቃዊ መበቈል ዘለዎም ኣህዛብን - ብካሕሳ" ብዝብል ቴማ ብ15ን 16ን ለካቲት ኣብ ኣዲስኣበባ ኣብ ዝተኻየደ መበል 38 ስሩዕ ዋዕላ ሕብረት ኣፍሪቃ ተሳቲፉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን - ኣቶ ቢንያም በርሀ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 9 ክሳብ 11 ጥሪ ኣብ ካምፓላ - ኡጋንዳ ኣብ ዝተኻየደ ፍሉይ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ 'ኣጠቓላሊ መደብ ምምዕባል ሕርሻ ኣፍሪቃ' ተሳቲፉ።

***

ብቐዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፊያ ተስፋማርያም ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ15ን 16ን ጥቅምቲ ኣብ ካምፓላ - ኡጋንዳ ኣብ ዝተኻየደ መበል 19 ፍርቂ-ወቕታዊ ዋዕላ ሚኒስተራት ምንቅስቓስ ሻራ ዘይብለን ሃገራት ተሳቲፉ።

ኣምባሳደር ሶፊያ ኣብ ዘስመዓቶ መደረ፡ ሃገራት - ንሓሽቱ ይኹና ዓበይቲ፡ ልኡላዊ መሰላተን፡ ናጽነተን፡ ግዝኣታዊ ሓድነተንን ናይ ምውሳን ስልጣነን ክኽበር ኣገዳሲ ከምዝኾነ ዝጠቐሰት ኣምባሳደር ሶፊያ፡ መትከላት ብዙሕነት፡ ሰላማዊ ምንባር፡ ከምኡ'ውን ምዕቃብ ልኡላውነት ናይ ኩለን ሃገራት፡ ኣካል ሓባራዊ ራእይ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ክኾውን ከምዝግባእ ኣስሚራትሉ።

ኤርትራ፡ ቁጠባዊ ርእሰምርከሳ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ምትሕግጋዝ ደቡብ-ደቡብን ኣህጉራዊ ሽርክነትን ንምርግጋጽ፡ ጸኒዑ መብጽዓኣ ከምዘለዋ ብምንጻር ድማ፡ ምስ መሻርኽቲ ምንቅስቓስ ሻራ ዘይብለን ሃገራት ኣብ መዳያት ንግዲ፡ ምስግጋር ቴክኖሎጂ፡ ወፍሪ ኣብ ሰብዊ ዓቕሚን ካልእን እትገብሮ ምትሕብባር ንምድንፋዕ ከምእትሰርሕ ኣረጋጊጻ።

***

ብፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 10 - 21 መጋቢት ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ዝተኻየደ መበል 69 ኣኼባ ኮሚሽን ኩነታት ደቀኣንስትዮ ብምስታፍ፡ መርገጽን ርእይቶን ኤርትራ ዘጽር መደረ ኣስሚዑን ርክባት ኣካዪዱን።

ኣብ'ዚ ኣኼባ፡ ብ'በይጂን 30' ዝፍለጡ ሽቶታት ምዕሩይ ዕድላት ደቂኣንስትዮ ኣብ ቁጠባ፡ ፖለቲካን ቴክኖሎጂን ንምርግጋጽ ክተየዱ ዝጸንሑን ዘለዉን መደባት ብምምዝጋብ፡ ሃገራትን ማሕበራት ደቂኣንስትዮን ተሞክሮታተን ኣካፊለን።

ጉዲ-ጉዲ'ዚ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ፡ ምስ ወከልቲ ሩሲያ፡ ኬንያ፡ ፊሊፒንስ፡ ኩባ፡ ታንዛንያ፡ ከምኡውን ምስ ፕረዚደንት ሃገራዊ ባይቶ ደቂኣንስትዮ ግብጺ ተራኺባ፡ ኣብ ጉዳይ ምዕሩይ ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ዘትያ።

***

ጸንብል ስርዓተ ሲመት ወጸሎተ ተቀብኦ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ - 6ይ ፓትርያርክ ወርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብ26 ጥሪ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረጽዮን ቅድስት ማርያም ቤተ-ክርስትያን - ኣስመራ ብልዑል መዓርግ ተፈጺሙ።

ኣብ'ቲ ብሰልፊ ውሉደ ክህነትን ተመሃሮ መንእሰያት ትምህርቲ ሰንበትን ዝተሰነየ ስርዓት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን፡ መራሕቲ ሃይማኖት ኤርትራ፡ ላዕለዎት መራሕትን ተወከልትን ኣብያተ ጸባሓውያት ማለት ኦሬንታል ኣብያተ-ክርስትያን፡ ኣምባሳደራትን ዲፕሎማስኛታትን፡ ከምኡ'ውን ኣብመኔታት ጉዳያት ኤርትራ፡ ተወከልቲ ሃገረ ስብከታት ወሽጢ ሃገርን ወጻእን፡ ሊቃነ መናብርት ሃገረ ስብከት ኣስመራ፡ ከምኡ'ውን መእመናንን መእመናትን ተረኺቦም ነይሮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብምኽንያት ዕረፍቲ መበል 266 ርእሰ ሮማዊት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን - ብጹእ ወቅዱስ ጳጳስ ፍራንሲስ፡ ናብ ቫቲካን ናይ ሓዘን መልእኽቲ ሰዲዱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብስም ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ብስሙ ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ብዕረፍቲ ናይ'ቶም ንኣገልግሎት ሰብኣውነት፡ ብፍሉይ ድማ ኑቶም ዝተሃመሹ ወገናት ዓለም ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋስ ምሉእ ህይወቶም ዘወፈዩ ብጹእ ወቅዱስ ጳጳስ ፍራንሲስ ዝተሰመዖ ዓሚቝ ሓዘን ገሊጹ።

***

ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ምስ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ሃገርና ሓድሽ መደበር ጸሓያዊ ጸዓት ኣብ ምትካል ዝውዕል ናይ 20 ሚልዮን ዶላር ስምምዕ ብ10 መጋቢት ኣብ ኣስመራ ከቲሙ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ፋይናንስን



ሃገራዊ ልምዓትን ዶ/ር ጊየርጊስ ተኽለሚካኤል፡ መንግስቲ ኤርትራ ምስ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ብምትሕብባር ኣብ ስምም ዝሰወ መደባት ብዓቢኡ ይፍጸም ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኤርትራን ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃን፡ ኣብ ደቀምሓረ ምስ ማእከላይ መመንጨዊ ጸዓት ሕርጊጎ ዝጸንበር ጸሓያዊ መደበር ጸዓት ንምትካል ከምእተሰማምዓ ዝዘከር'ዩ። እቲ ኣብ ማስርሕ ትግባረ ዘሎ ፕሮጀክት፡ ኣብ 2026 ክዛዘም ትጽቢት ይግበር።

***

ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ፡ "ኣህጉራውን ዞባውን ምትሕግጋዝ ንዘላቒ ልምዓት" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 4 - 6 ጥሪ ኣብ ኣስመራ ተቓኒዑ።

ኣብ'ዚ ልዕሊ 500 ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ምሁራውያን፡ ክኢላታትን ተመራመርትን ዝተሳተፍዎ ኣካዳሚያዊ መድረኽ፡ ኣብ 19 ቴማታት ዝተኸፋፈሉ፡ ንሃገራዊ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ዘንጸባርቑ 154 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቦም።

እቶም ወረቓቕቲ፡ ኣብ ተፈጥሮኣውን ማሕበራውን ስነፍልጠት፣ ሕርሻን ባሕራዊ ጸጋታትን፡ ስነጥንትን ሃገራዊ ወርሻን፡ ዕድላትን ብደሆታትን ዲያስፖራ፣ ቁጠባን ምዕባለን፡ ኣከባብን ክሊማዊ ለውጥን፡ ቋንቋን ስነ-ቋንቋን፡ ሕጊ፣ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን፡ ፖለቲካን ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን፡ ስነፍልጠትን ቴክኖሎጅን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣፋዊ ግጥምን ስነመዚቃን ዘተኮሩ'የም ነይሮም።

ተሳተፍቲ ካብ ጀርመን፡ ኢጣልያ፡ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ፌደረሽን ሩሲያ፡ ሃንጋሪ፡ ህንዲ፡ ግብጺ፡ ኡጋንዳ፡ ሶማልያ፡ ሱዳን፡ ኩባ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካናዳን ካልኦትን ዝመጹ'ዮም ነይሮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ማሕበር ኤርትራውያን ክኢላታት ስነምድርን ምህንድስና ዕደናን፡ "ሓላፍነታዊ ዕደና ንዘላቒ ምዕባለ" ብዝብል ቴማ፡ ብ21ን 22ን መጋቢት ኣብ ኣስመራ ዋዕላ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ዚ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ዋዕላ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዘተኮረ 14 መጽናዕታዊ ጽሑፋት ቀሪቡ።

ብጐልእ ወገን፡ ሃገራዊ ዓውደ-ዘተ ባህላዊ ወርሻ፡ "ባህላዊ ዕበየትና - ቀንዲ ምዕባለና" ብዝብል ቴማ ካብ 11 - 13 ሚያዝያ ኣብ ዓሰብ ተቓኒዑ።

ኣብ'ዚ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዘተኮረ 13 መጽናዕታዊ ጽሑፋት ቀሪቡ።

ከም ኣካል ናይ'ዚ ሃገራዊ ዓውደ-ዘተ ድማ፡ ናብ'ታ ንኣማኢት ዓመታት ባህላዊ ስልጣኔ ቅርሳታትን ወግዕታትን ተዓቚባ ዘላ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ እትርከብ ራሓይታ ዑደት ተኻይዱ።

ብተመሳሳሊ፡ ብምውህሃድ ሃማመተኤን ሚኒስትሪ ሕርሻን ዝተወደበ 2ይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህሮ ሰንዓን፡ "ምህሮ መንእሰያት ንዘበርኸ ልምዓት" ብዝብል ቴማ ብ21ን 22ን መጋቢት ኣብ ኣስመራ ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ መደብ፡ ካብ ዝተፈላለያ ዞባታት ብጠቕላላ 106 ፕሮጀክታት ቀሪቦም።

ካብ'ቶም ፕሮጀክታት፡ 53 ኣብ ኤሌክትሪካዊ ምህንድስና፡ 18 ኣብ ቀመማዊ ምህንድስና፡ 27 ኣብ መካኒካዊ ምህንድስና፡ 7 ኣብ ኮምፕዩተራዊ ምህንድስና፡ 1 ድማ ኣብ ሲቪላዊ ምህንድስና ዝምደቡ'የም ነይሮም።

***

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝተራእየ ዕስለታት ሳዕሪ ኣዕዋፍ ኳላኳላ፡ ኣብ ዘራእቲ ዝጥቀስ ጉድኣት ከየውረዳ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዝኣተዋ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ገሊጹ።

እተን ኣዕዋፍ ቅድሚ ናብ ሃገርና ምስጋመን፡ ዝተጉብረ ዘዴሊ ቅድመ-መጠንቀቕታን ምድላዋትን ካብ ወርሒ መስከረም ጀሚሩ ዝተኻየደ ከሳሊታትን፡ ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ናይ ምቍጽጻር ንጥፈታት ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝበርከተ ተሓቢሩ።

እተን ኣዕዋፍ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ናብ ሃገርና ምስ ሰገራ ኣብ ንኡስ ዞባታት ተሰኒዩ፡ ጎልጀን ሃይኮታን ብጠቕላላ ኣብ ልዕሊ 9 ሽሕ ሄክታር ዝሽፍን ከሳሊታት ብኣጋር ነፋሪትን ከምእተኻየደ'ውን ገሊጹ።

ሽባብ
ሃማመተኤ

# ሪፓርታዥ
# ምእላይ ዕፉፊት ኣብ ሓድሽ ዓመት

ኣብዛ ሓዳስ ዓመት
'ታይ ኣምሲለ 'ዕመት
መስተ የለ ሽጋራ
ጥዕያ ነብሲ... ተቐዩራ
ኣበይከ ነይረ... እቲ ቐደም
ባዕልኻዶ ንሞት ትቀዳደም?
ሕጂ'ውን ክምብል በለ'ምበር...
ክልወጥ'የ ገና... ክበራብር

ኣብ ሓድሽ ዓመት መብጽዓ ምእታው የድሊ ድዩ? ሓድሽ ዓመት ዝብሃል ኣሎ ድዩ? ነፍሲወከፍ መዓልቲ ንባዕላ ሓዳስ እንድያ... ንምንታይ ኢና ንኽንልወጥ ሓድሽ ዓመት ንጽበ ወዘተ. ዝብሉ፡ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ክትዕ ዝጸንሑ ዛዕባታት ስለ ዝኾኑ፡ ብዛዕባኦም ኣይኩንናን ክንዛተ።

እንታይ ደኣ ፍልስፍናዊ ትሕዝቶታት ናይ'ዚ ክትዕ ንጕድኒ ገዲፍና፡ ነቶም ሓድሽ ዓመት ክም መወከሲ ለውጢ ክኹኑልና ዝመረጽናዮ ሰባት ልብታትና ንፈትሽ።

### ምጅማርን ምቍራጽን

"ወልፍታት ክቋርጽ እየ!" ዝሕመረቶም መብጽዓታት ሓድሽ ዓመት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። 'ግናይ' ወልፊ ክቋርጽ እየ መደብ እዩ። 'ጥዑይ' ወልፊ ክፍልም እየ እውን ክምኡ ርእሱ ዝኽኣል መደብ እዩ። 'ግናይ' ነገር ምቍራጽ እንተ ኢልና፡ እቲ ኻልእ ገጹ፡ ዝሓሸ ህይወት ምምራሕ ክጅምር እየ የስምዕ እዩ። ግና ኸአ ማዕረ'ቲ ሓድሽ ነገር ምጅማር ይስራዕ ማለት ኣይኩነን።

ሓድሽ ዓመት ንወዲ ሓደ ዓመት ህጻን ጥራይ እዩ ሓድሽ ዝኾኖ እምበር፡ ካብኡ ንንየ 2፡ 3፡ 4... እናበለ፡ ዓሰርተታት ሓድሽ ዓመታት ርእዩና ኢና። እሞ እንታይ ጌርና!? እዩ እቲ ቍም-ነገር።

ዓሚ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ናይ ባንክ ሕሳብ (ቡክ) ዝኸፈተ ዓርከና፡ ኣብ'ዚ ቕንያት ሓድሽ ዓመት ረኺበየ፡ "ምውህላል ገንዘብ ቀጺልካዮዶ?" ሓቲተዮ። 'ድሕሪ'ቲ ፈለማ ዝኸድኩዎ፡ ናብ ባንክ ገጸይ'ኳ ጠሚተ ኣይፈልጥን' ኢሉኒ። ገንዘብ ስለ ዘይረኸበ ኣይኩነን ናብ ባንክ ዘይከደ፡ እንታይ ደኣ ባህርይኡ ስለ ዘይለወጠ እምበር። ንሱ፡ ቡክ ናይ ካፈታት ኣሰራራ ምህጣር እዩ ቐንዲ ሞያኡ።

ገንዘብ ኣብ ባንክ ምውህላል ማለት፡ ናይ ምሕሻሽ ባህርይኻ ምልዋጥ ወይ እውን ናይ ምቍጣብ ዓቕምኻ ምህጣር ማለት እዩ። እምበር ዝረኸብካያ 'ቅርሺ' ሒዝካያ ናብ ባንክ ዘብ-ዘብ ምባል ማለት ኣይኩነን። ጥቕምታት ምቍጣብ ገንዘብ ምዝርዛር ኣገዳሲ ኣይኩነን። ምኽንያቱ፡ ምስ ቁልዑ ዘይኩንና ምስ መንእሰያት ኢና ነዕልል ዘለና።

***

ሽጋራን መስተን ምቍራጽ ምስ ገንዘብ ምቍጣብ ጥራይ እንተ ኣተኣሓሒዝናዮ፡ ኩሉ ሃብታም ክትክኽን ክሰተን ኣሎዎ ክስምዕ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ሓድሽ ዓመት ምኽንያት ብምግባር መስተን ሽጋራን ክቋርጽ እየ እንተ ኢልና፡ ብቐንዱ ክምኡ ብምግባርና እንረኽቦ ረብሓ ክስወጠና ይግባእ። እቲ ውሳነ ድማ ናትና'ዩ። ብጥዕናና ዲና ንግደስ ዘለና ዋላስ ብገንዘብና? ወይ'ውን መስተ ምብዛሕ ትርጉም ከም ዘይብሉን ዋላ ሓንቲ ከም ዘይጠቐመናን ድዩ ተረዲኡና ወዘተ. እቲ ምስጢር ካብ ውሽጥና ዝተበገሰ ክኸውን ይግባእ። እምበር፡ ሰብ-ገበሮ ኢልና መብጽዓ ሓድሽ ዓመት ምእታው ትርጉም የብሉን ጥራይ ዘይኩነ እንተላይ የምዝነና እዩ።

ኣብ ባር ኳንካ፡ መስተ እናሰተኻ "ካብ ጽባሕ ንንየ መስተ ኣይጥዕምን'የ" ኢልካ መለክያ ኣረቂ ናብ መሬት ምስ ኣፍሰስካያ፡ ንመደብካ ዝተቐበሉ መሳትይትኻ ሽዓ ንሻዓ 'ቺርስ ንመደብካ' ኢሎም ጠራሙዝ ኣናጕዖም መስተ እዮም ዘቐጽሉኻ።

ንምንታይከ'ባ መስተ ይኹን ሽጋራ ተቋርጽ? ባህ ዝብለካ እንተኾይኑ ጨልጦ እምበር!... ኣብ ህይወትካ ዋላ ሓደ ጸገም ኣምጺኡልካ ዘይፈልጥ እንተኾይኑ፡ ከም ዘየምጽኣልካ'ውን ትተኣማመን እንተኼንካ ተብትቦ'ምበር 'ታይ ገዲሱካ እሞ ትገድፎ። ጥራይ ከም ዝጠቕመካ ርግጸኛ ኹን። እምበር ሰብ ሰታይ ስለ ዝበለካ ወይ'ውን ገንዘብ ስለ ዝሰኣንካ ክትገድፎ ኣይግባእን። ምኽንያቱ፡ ሰብ ደኣ እንታይ ከ ዘይብል። ገንዘብ ድማ ሎሚ ትሰእኖ ጽባሕ ድማ ትረክቦ። ብፍላይ "ንመስተን ሽጋራን ዝኸውን ገንዘብ ኣይሰኣንን እየ" እዮም ዝብሉ እቶም ምኩራት!

***

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት
ዝነበረ... ውጥናት
ጌጋ ግዲ ነይሩ
ቀልጢፉ ተሰይሩ
እንድዒ... ምኳን ኣብዩኒ
ሕጂ ግን... ተረዲኡኒ !
ኣብ ክንዲ መደባት ምብዛሕ
ልዕሊ ዓቕምኻ ምዝርጋሕ
ዕላማኻ ንጽር ዝበለ
መደብካ ውርጽጽ ዘለ
እንተኾይኑ...
ትዕወት 'መስለኒ
እንድዒ ኸአ ንስኹም ትብሉኒ !

### ውጥንን ትግባረን

መደባት ብጸጋታት እዮም ዝትግበሩ። ጸጋታት ድማ ዝጭበጡን ዘይጭበጡን ኲይኖም ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ምንጪ ገንዘብ ዘይብልካ ክንስኻ ብገንዘብ ዝትግበር መደብ ኣይትውጽእን ኢኻ። መደብካ ገንዘብ ምርካብ እንተኾይኑ ድማ ጉልበትካ፡ ኣእምሮኻ፡ ግዜኻን ካልኦትን እቶም ቀንዲ ጸጋታትካ እዮም። ብዝኾነ መደባት ውልቀ-ሰባት ኣዝዮም ብዙሓት ስለ ዝኾኑ፡ ኣዝዩ እቲን ኢልካ ምትንታኖም ኣሸጋሪ እዮም። እዚ ኹይኑ እቲ ግና ቀዳሚ ዝኹን ነገር ምውጣንና ጸጋታትና ብግቡእ ክንመዝን ይግባእ።

ዓቕምና ናይ ፈረስ ክንሱ፡ ብጻጸ ክስራሕ ዝኽእል ውጥን ምውጻእ ጌጋ እዩ። ምኽንያቱ፡ ጸጋታትና ንኸንቱ ይባኽን ኣሎ ማለት እዩ። ብኣንጻሩ'ውን ንሓንቲ ለይቲ ዘየሕድር ስንቂ ሒዝካ ንዓመት ኣይግየሸን እዩ። "በየናይ ኣእጋር-ኣሰጋጋር" እዩ ነገሩ። ስለዚ ጸጋታትናን ውጥናትናን ክሰማማዕ ኣሎዎ።

ካልእ ድማ ጻዕቂ ዝኸተሎ መዘዝ እዩ። ንፉዕ ሰብ ሽሕ ግዜ ይንፋዕ ሰብ ምዃኑ ኣይቶርፎን እዩ። ሰብ ስለ ዝኾኑ ይደክም፤ ሰብ ስለ ዝኾኑ ይዕንቀፍ፤ ሰብ ስለ ዝኾኑ... ዓቕሙ ድሩት እዩ። ስለዚ ብዝዩ መጠን ብዙሓት መደባት ምውጻእ ዓቕሊኻ ኣጽቢቡ ከም ዘይተድምዕ ይገብር እዩ። ስለዚ ኣብዚ'ውን ጥንቃቐ ምግባር። ምኽንያቱ፡ ሓድሽ ዓመት ሎሚ ጥራይ ኣይኩነን። ንዓመታ ኣሎ፤ ድሕሪኡ'ውን ኣሎ። እምበር ነተን ብሽንቲ ዝሓለፋኻ 'ሓደሰቲ' ዓመታት ንኽትትክእ ክትገብሮ ኣብ ዘይትኽእል ጻዕቂ መደባት ኣይትውሓጥ። ኣብዚ ዓመት ክትገብሮ ዝመደብካዮ ብመንጽር ቀዳምነታትካ ትሰርዖ'ሞ፡ ትገብሮ ድማ። ምኽንያቱ፡ ህይወት ኣብ ሓደ ሓድሽ ዓመት ንእለቱ ኣይቀየርን እዩ። ብርግጽ ግና ምቕያር ትጅምር ኢኻ።

### ባህርያዊ ለውጢ

ምስጢር ናይ ዝኾኑ ምስ ነብስኻ እትኣትዎ መብጽዓ ምምጻእ ባህርያዊ ለውጢ እዩ። እምበር ዋና ኢልካ ዝመጸእ ለውጢ የለን። ባህርያዊ ለውጢ ድማ ከም ቃል ደኣ'ዩ ቀሊል ዝመስል እምበር ከም ኣምር ኣዝዩ-ኣዝዩ ከቢድን ዝተሓላለኸን እዩ። ምኽንያቱ፡ ባህርይኻ ምቕያር ማለት ብዋሪሑ ካልእ ሰብ ምዃን ማለት እዩ። ካልእ ሰብ ምዃን ማለት ድማ ሃንደበት ዝመጽእ ክስተት ኣይኩነን። ዋጋ ትኸፍለሉ ኣምር እዩ። ስምዒታትካ ምቕታል ኣሎ፤ ብጽትካ ምኽሳር ኣሎ፤ ብሰብ ምንጻል ኣሎ፤ ክሳዕ ተለማመዶ ኣብ ጸቕጥን ንኡስ-መጠን ጭንቀትን ምእታው ኣሎ... ክንደይ'ሞ ክንብሎ። ስለዚ፡ ትብዓት ይሓትት። እምበር ሱቕ ኢልካ 'ርሑስ ሓድሽ ዓመት ይግበረልና' ጥራይ እናተበሃሃልካ ተዛኒኻ ዝመጽእ ለውጢ የሎን።

ትማል ምሽት ሰታይ ዝነበረ
ኣሻብ ደኣ ሎሚ ተቐየረ!
ናይ ሓቂ ይግበሮ!

ትማል-ትማል እንድዩ ቀጣፊ ነይሩ!
እዋይ ፈጢርሉ... ተቐዩሩ!

እዚ ደኣ ዓሚ ዶ ሃካይ ኣይነበረን
ኣጸብዕቲ'ምበኣር ስራሕ ጀሚሩለን
እዋይ ተዓጺሉ!

ኩሰቶ ዓርከይ...
ዘውዓሎ ዘውዕል፡ ኣብ ዘምሰዮ ዝሓድር
እዱብ ኩይኑ ኢሎሞ፡ ብመደብ ዝወፍር
ኣሰይ! ኣሰይ!

ንስኻ ኸኣ ኣታ ኣንባቢ
ንእስ ኢልካ ዷኻ ዋላ ዓቢ?
ንገረና'ባ ናይ 'ኒው የር' መደብካ
ንዓመታ መታን ክንሓተካ
ንዓኻ ኢና... 'ታይ ደኣ ኣሰጊልካ!



## ልቦና
## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ዘይምሕላል

ኣብ ናይ ባንክ ሕሳብካ 86,400 ናቕፋ መዓልታዊ ይቕመጠልካ ኣሎ። እዚ ንመዓልቲ ግድን ትጥቀመሉ'ዩ፣ ዝሓድር ወይ ዝውህለል ገንዘብ የብልካን። ምሸት-ምሸት እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ ካብ ሕሳብካ ክእለ እዩ። እሞ በዚ ሰልዲ እንታይ ምገበርካ? ነፍሲ ወከፍ ናቕፋ ካብ ሕሳብካ ኣውጺእካዶ ምተጠቐምካሉ? ቀድሚ ንባብ ምቕጻልካ'ባ ንእሽተይ ሕሰብ!

"መን'ሞ ክህበኒ?" ዶ ኢልካ!? ተመሳሳሊ ባንክ ንኹልና ኣሎና። "ግዜ" ድማ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንግሆ-ንግሆ 86,400 ካልኢታት ኣብ ሕሳብካ ይወሃበካ።

ካብዚ እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ (ካልኢት)፡ ብላሽ ወይ ኮንቱ ተባሂሉ ይስረዝ። ካብተን ናይ መዓልቲ መቕንንካ፡ ንላዕሊ ክትልቃሕ ወይ ልዕሊኡ ክትጥቀም ኣይከኣለን። ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ፡ ባንክ ሕሳብካ ይሕደስ፡ ነፍሲ-ወከፍ ምሸት ከኣ ባንክ ሕሳብካ ባዶ ይኸውን። ንመዓልቲ ኣብ ሕሳብካ ዝተቐመጠልካ ገንዘብ እንተ ሓሪሩ፡ ውድቀትካ ወይ ስዕረትካ'ዩ ዘመልክት። ይግባይ ኢልካ እውን ክምለስ ኣይከኣልን እዩ።

ካብ ናይ ዝመጽእ መዓልታት መቕንን እንተ ደለኻ'ውን ክትረኽቦ ኣይትኽእልን። ካብ ናይ ካልእ ሰብ'ውን ክትወስድ ኣይትኽእልን፡ ካብ ናትካ'ውን ክትህብ ኣይትኽእልን። እቲ ግዜኻ፡ ግዜኻ ጥራይ እዩ ኣኺሉ።

ክምቲ ንገንዘብካ ኣበይ ከም እትውዕሎ ትሓስበሉን ትውስኖሉን፡ ግዜኻ ኣበይ ከም እትሕልፎ'ውን ክትሓስበሉን ክትውስኖሉን ዘለካ ንስኻ ኢኻ።

እዛን ናይ መዓልቲ ብጸሒትካ፡ ክሳብ ዝከኣለካ ክትቀመለን ኣይትተሓለል።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሳራ ሶፍያ ተስፉይ፡ ኣደይ ሶፍያ ተስፉይ በራኺ. ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣቶ ግርማይ ይሕደጎ ወልደኣብዝጊ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣመተ በየን ገብረ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልማዝ ኣብርሃም ተኽለሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ ጎይትኦም ክፍለገርግሽ መብራህቱ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ እናቴ ካሕሳይ ግደይ፡ ሓፍተይ ምሕረት ካሕሳይ ግደይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሓጎስ ካሕሳይ ግደይ፡ ኣደይ ሳህሉ ወልዱ ተስፉይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰላማዊት ሃይለ ኢሳቕ፡ ብዓል ቤተይ ጸጋዬ ሮኾረ ተኽለሰንበት ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ናዝሬት የውሃንስ ተድላ፡ ኣቦና የውሃንስ ተድላ ብሩን ኣዴና ሰላስ ወልደሃይወት ኣርኣያን ስለዝዓረፉ፡ ንሕና 4 ሀለዋት 4 መወትቲ 9 ተተኻእቲ ደቆም ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ብፍ/በ/ማሰል ወረ/ፋ ተኽለማርያም ነጋሲ ተሰሬ፡ ወ/ሮ ፍቓዱ ወልዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፋ ተኽለማርያም ነጋሲ ተሰሬ፡ ንፈጻሚ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

መጣሃን ወልደኣብ ወልደሚካኤል፡ ኣቦና ወልደኣብ ወልደሚካኤል ብርሃን ኣዴና መብራት ገብረእየሱስ ወልደጊየርጊስን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጸገወይኒ ገብረስላሴ፡ ተጸዋዕቲ 1.ግደ ወልዳይ ገብራት 2.ኣኽብረት ብርሃ፡ ኣመልካቲት ጸገወይኒ ገብረስላሴ፡ ናይ ሞዝቲ ይጽደቐለይ ኢላ ክሲ ስለዘቕረበት፡ ኣድራሻኻን ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ።

ራሕማ መሓመድ ሓጎስ፡ ተጸዋዒ ዑስማን መሳ መሓመድ’ ናይ ሞዝቲ ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ሽዋ ታደሰ የሲፍ ምባል ተረፉ፡ ሽዋዩ ታደሰ ሰይፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ለኮሳ ኣረፋይነ ኪዳ፡ ኣሞይ ወ/ሮ ምሓሰ ገብረኪዳን ዝበደፈትለይ ወሀብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ገብረሚካኤል ኣማኑኤል ኣልኣዛር ምባል ተረፉ፡ ሚካኤል ኣማኑኤል ኣልኣዛር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መሓሪ ተስፉጋብር ተኽለይ ምባል ተረፉ፡ ዛብሎን ተስፉጋብር ተኽለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ 1.ፍረወይኒ ተስፉማርያም 2.መሴ ዘርእሰናይ ብፍ/በ/ማሰል ርእሶም ተኽለማርያም፡ ንጉዳይ ፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብራሃም ተስፉሰላሴ፡ ሓፍተይ ለምለም ተስፉሰላሴ ዘርእዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ 6 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ሰለሙን ከበደም፡ ብዓልቲ ቤተይ ዊንታና የማነ ብርሃ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ወድና ድማ ወራሲ ምኻኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ዘርኣይ ካሕሳይ፡ ኣደይ ነ/ሪት ፋና ዘሙይ ድራር ብዘወት ከላ ንዘለዋ ፍርቂ ብጽሒት 3 ክፍልን ምስ ተሓጋገዚ ክፍልታትን ብለበዋ ስለ ዘውረሰትኒ ክጽደቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኤደን እስቲፋኖስ ኣስረስ፡ ተጸዋዒ ኣስመሮም ገርጃ በየ፡ ናይ ወቅልና ምስራዝ ክሲ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ብርኽቲ ገብረማስቀል ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ክፍላይ ወልደታትዮስ ብርሃ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሊድያ ኣማን ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ሊድያ ኣማኑኤል ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሙሉ ሃይለ ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ክፍለ ገብራይ መጣሃን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የሲፍ ገብረየውሃንስ ካሱ፡ ሓፍተይ ጉት ገብረየውሃንስ ካሳ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን ወላዲት ኣዴናን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሓጎስ ወልደክርስቶስ ኣብራሃም፡ ብዓል ቤተይ ኣልጋ ወልደማርያም ክፍለ ስለዝዓረፈ፡ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኤልሳቤጥ ኪዳማርያም ገብረኪዳን ምባል ተረፉ፡ ኤልሳቤጥ ኪዳ ገብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፍረወይኒ እምባዬ ገብረሚካኤል፡ ተጸዋዒ የውሃንስ ዑቕባሚካኤል ተኽለዝጊ፡ ናይ ሞዝቲትኑት መዝሩብ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ተጸዋዒ ሻምበል ጉዕሽ መሓሪ፡ ብኣመልካቲት ወ/ሮ ቤተልሄም ሰለሙን ጸጋይ ናይ ሞዝቲ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ለምለም ክፍላይ ኣሰፍሃ፡ ብዓል ቤተይ ገብረዝጊ ገብረእግዚኣብሄር ወልደሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለምለም ክብርኣብ፡ ብዓል ቤተይ ታዩ ተኽለወልደ ገብረታትዮስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኑቢያት ፍስሃዬ ገብረትንሳኤ ምባል ተረፉ፡ ኑቢያት ፍስሃዬ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የሳን መብራህቱ መሓሪ ምባል ተረፉ፡ ኣብራሃም መብራህቱ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣስቴር ዘውዲ መንገሻ ምባል ተረፉ፡ ኣስቴር ዘውዲ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሞባል ተስፉጋብር መሓሪ ምባል ተረፉ፡ ያፌት ተስፉጋብር መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሜላሄር የማነ ጉይትኦም ምባል ተረፉ፡ ሜላሄር በረከት ጉይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናህ ሳሚኤል ምባል ተረፉ፡ ናህ ሽሻይ ፍቓዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ህድኣት ተኽለ፡ ተኸሰስቲ 1.ትብለጽ ተኽለ መብራህቱ 2.ተስፉኣለም ተኽለ፣ መብራህቱ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

ኣኽበረት ክብሮም ሃብተጊየርጊስ፡ ብዓል ቤተይ ጎይትኦም ኣብርሃም ማሉ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

መሓሪ ዓንደማርያም ኣውዓለም፡ ሰወእ ሓወቦይ የማነ ኣውዓለም ግደ፡ ንዓይ መሓሪ ዓንደማርያም፡ ለበዋ ገዛ ክልተ ክፍሊ ምስ ካሽሽልኡ ስለ ዝሃበኒ፡ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




### ሓበሬታ
### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ፡፡
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com
ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ የሴፍ ኣስገዶም ከሳ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ጸገወይኒ ኣስገዶምን ዘሎ ናይ ሓዳር ጉዳይ፡ ተጸዋዒት ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ለምለም ግደ ገብረሂወት፡ ወለድና ኣቶ ግደ ገብረሂወት ገብረስላሴን ወ/ሮ ምንያ ኣስፍሃ ወልደሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ተኸሰስቲ፡ ሚካኤል ኣብርሃ ተኽለሚካኤል፡ ምሕረት ኣብራሃ ተኽለሚካኤልን፡ ብስስቲ፡ ብርኻ ተከኤ ተኽለሚካኤል፡ ሚካኤል ተከኤ ተኽለሚካኤል፡ ህድኣት ተከኤ ተኽለሚካኤልን፡ ሉተብርሃን ተከኤ ተኽለሚካኤልን ናይ ምቕሊት ውርሲ መዝገብ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

የርክበልን ሰሌሚን ዙርያስ ምባል ተሪፉ፡ የካቤድ ዙርያስ የሴፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለማርያም ተስፉይ ነጋሽ ምባል ተሪፉ፡ ሃብል ተስፉይ ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕ ተኽለይ ዘርኡ ጺጋይ ምባል ተሪፉ፡ ሚሮን ዘርኡ ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ የርኣሎም ሃይለ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ሃብተም ገብረጊርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጃምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤታንህም ጀርመን ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ናታን ጀርመን ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሳል ኣቶ ባህታ ወልደማርያም ወልደሚካኤል ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ መሓመድ ዓሊሙንታዝ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሂማን ጉዕሽ ገ/ጊዮርጊስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሽዊት ስመረ ክብሮም ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሰዛና ገብረመድህን በረኸት ምባል ተሪፉ፡ መኩብበድግል ገብረመድህን በረኸት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣኽበረት ክብርኣብ ኣልመደም ምባል ተሪፉ፡ ፊሽን ክብርኣብ ኣልመደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትብርህ ፍስሃጽዮን ቦኽሪ፡ ብዓል ቤተይ ወልዱ ተስፉማርያም ገብረዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጃምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤልሳ ገብረማስቀል ዑቕባሚካኤል፡ ሓትነይ ቀድስቲ ተድላ ኣብርሃም ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ ሰለዕ ዳዕሮ ዝርከብ ብቑጽሪ 20 ፓርሰል A ማለዩ መሬት 0222 መ/ቁ 000435 ስፍሓት መሬት 518 ት/ሜ ዝኾነ፡ ብስማ ዝተመዝገበ ገዛ ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ፡ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

እስቲፋኖስ ዓንደጼን፡ ኣደይ ዝፉን ገብረማርያም ብድሆ ስለዝተሰወአት፡ ንሕና 5 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽጋይ በርህ ዑቕቢ፡ ወለድና በርህ ዑቕቡን ሉተጼን ደባሰን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኬብሮን ተስፎም ጠዓመ ምባል ተሪፉ፡ ማተዎን ተስፉ ጠዓመ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣርያም ብርሃ ሃብተ ዞሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ኣርያም ብርሃ ሃብተ ዘሞ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ተኸሳሲ ዓንደብርሃን ግደ ተስፉይ፡ ብከሳሲት ሰናይት ገብርሂወት ገብረኪዳን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ጥና ምስየኽ ህብትዝጊ፡ ኣደይ ምሕረት መሃጋስትኣብ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለም ገዚኢ በራኺ፡ ብዓል ቤተይ ሰመረኣብ ዑቕባሚካኤል ናይ ሃለኸቲ ነበራት ንግዲ ትካል ለበዋ ስለ ዝገደፈለይ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣድያም ሰለሙን ወልደኪዳን ምባል ተሪፉ፡ ፊሩዝ ሰለሙን ወ/ኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ኣብርሃም ከበደ፡ ኣደይ ኣረዛዘሽ ገብርሂወት ሓጎስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ታደሰ ገብረኣብ ገብረትንሳኤ፡ ሓፍተይ ልኡላ ገብረኣብ ገብረትንሳኤ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄለን ጺጋይ፡ እኖሓጎይ ዘውዲ ማርሻ ረድሀይ ስለዝዓረፈት፡ ምስ ተተካእቲ ደቂ ኣኮይን ሓትኖይን ቁ.1.ረዘነ ማሰፍን 2.ሰናይት በርህ 3.ሄለን ጺጋይ 4.ብርኽቲ ኣማረ 5.ዳኒኤል ሽፈራው 6. ብስራት ሽፈራው ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ጸገረዳ ኪዳነ ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ገብረመድህን ገብረማስቀል ድራር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጃምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ወይኒ መሰስ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ በርሀ ሓይልየስ ገብረመድህን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጃምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ ፍስሃየ ማርዩ፡ ናይ ጥፉእ ሓወይ ግርማይ ፍስሃየ ማርዩ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ሮማ ኣማኒኤል ፍስሃየ፡ ኣደይ ጸገ ተኽለ ነርኣዮ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ሰለሙን ጽጋብ ምስየኽ ምባል ተሪፉ፡ መርሃዊ ጽጋብ ምስየኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስምኦን ጽጋብ ምስየኽ ምባል ተሪፉ፡ ዳዊት ጽጋብ ምስየኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑስማን መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ዑስማን ማሕሙድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣዜብ መሉጌታ ስዩም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ገብረትንሳኤ (ሰረቐ) ፍስሃ ገብረትንሳኤ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ቃስም ሓሰን ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ ቃስም ዓብደልቃደር ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ደገፍ ሃይለ ሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ መብራህቱ ዑቕቡ ገብረ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጃምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ከሳሲት ዊንታ ገብረሂወት ዘርእዝጊ፡ ተኸሳሲ ሓሴን ኪር መሓመድ ሰዒድ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ናይ ዝገዝኦዎ ቻርጀብል ባይሲክል ውሳነ ክወሃበ ስለ ዝበለት፣ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ብፍ/በ/መሳል ኣቶ ፍጉረ ቀሺ ተዛረ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጊየርጊስ ዓፉ፡ ንምኻ ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሐርያ በሽር መሓመድ፡ ስም ጓለይ ሓቢባ ያሲን በሽር ምባል ተሪፉ፡ ሓቢባ ያሲን ኣብራር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብረሀት ተስፉይ ተፈራ፡ ወድና ሃብል ክብሮም ተስፉጼን ስለዝተሰወአ፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብሉ፡ ንሕና ወለዱ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ት ለድያ ክፍለ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ለድያ ክፍለእየሱስ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ፎርቶ ሳዋ

ኣቶ የናስ ዘሚካኤል ገ/ክርስቶስ፡ ስም ደቀይ 1.ሄሉታ የናስ 2.ናሂር የናስ ዘሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ 1.ሄራን የናስ 2.ሀሲአ የናስ ዘሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# መኸተን ጅግንነትን፡ ያታ ወለዶ ሳዋ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ ሃለቃ)

መንእሰይ ናይ'ዛ ሃገር ኂሀቢ. እዩ፡ ምስሉ፡ ምስጢር ሓቢርካ ምንባር እዩ። ብሓባር ደሰርሕን ይመርሕን፡ ብሓንሳብ ደብልዕን ይመንዕን፡ ብሓንሳብ ይዋጋእን ይዛረን፡ ኣብ ኂይላ ሃገራውነት ዓሰሉ ብባህሉን ልምድታቱን ብወኒ. ደሰዕሰዕን የሞግዕን፡ ዓሸ! ንጥምረትን ሃገራዊ ክብረትን፡

ወትሩ፡ ኣብ መጋርያ ሓድነት ሓቢሩ ደስሕን፡ ኣብ ከበቢ. በሪ ቤቱ ዘይንብር ንፋስ መንጠሴን እንተ ደአ ነፊሱ ወይ ድማ ድምጺ. ኣብይ ዘሙብዩ ንኽበበስ ነጋሪት ኣየድልየን፡ ብዘይ ወዓል ሕደር ኣብ ወሰናሰን ዶብቱ ኣሎ። "ዶብና ብደምና" ዝብል ኣርዑት ወርቃዊ ቃል ኢያታቱ ተሰኪሙ ካብ ዝጉዓዝ መዋእል ኣቆጺሩ ደርኩቡ፡ ሓጹር ደንበ ናይ'ታ ሕሉብ ንጽፉ ዘኸኑት ቤቱ ካብ በሉዕተኛ ኣንበጣ ቀውዒ ንምክልኻል። ከም ከዋኽብቲ ሰሓ ሰሚሩን ተጉዚሩን ዓንዲ ሓጺን ብፆኗን ምድሪ ቤቱ ይሕሉ፡ መመሊሱ ካብ ጨብር እምኒ ክጽንዕ ይረኡ፡ እዚ ብልጹትን ህንጸተ ሱኣእምሮን እዚ ድማ ብፆህሉላ ዘፆጽኦ ኢይኮነን፡ ተቓርጠምሉን ደምዩሉን እዩ።

ማንም ኣፍ ዘጽረያ ዘብል ኳሌታ ናይ ዕሽል ኣተሓሳስባ ዝውንን ንሃገሩ ጽንጽያ ዓይኑ ከየንፍረላ ድማ ኣዒንቱ ሰም ኣብሉ ኢየፈልጥን፡ ንቤቱ ፈረስ ይኹኑ፡ እዚ ከኣ ካብ ኣቦታቱ ዝተመሃሮ ምስጢር ማህደር ቃልሲ. እዩ፡ ኣቦሓጎታቱ ዘጽንሐሉ ኒሻን ክብሪ እዩ፡ ንሕንጻጽ ዶብ ሓድነትን ክብሪ ልኡላውነትን ዝረግጽ ዋጋኡ እንታይ ምኻኑ ከኣ ካብ ዝሓለፉ ምዕራፋት ጉዕዞኡ ክረጋገጽ ተኻኢሉ እዩ።



ወሰታ ኤርትራዊ ዝምሕር ኢይኮነን፡ እዚ ከኣ ንወለዶታት እናተሰጋገረ ዝመጽእ ያታ እዩ፡ እንህልኩም ድማ ዋርሳይ እቲ ዕገስ ኑብሪ ሰረ ኢያታቱ ኣጽኒዑ ሐዘዋ። ሒማላኡ ዓጢቑ ንዓዱ ከም ብሌን ዓይኑ ደኽናኽናን ይኹሓሕሉን፡ ዓይኒ ንሰሪ ኩይኑ፡ ኣብ ታባ ጽንዓት ዓሪዱ ባሕሩን ምድሩን ብኣንክሮ ይሕሉ፡

ኣብ ዋላ ኩይኑ ናብ ኩሉ ማእዘን ብጥንቑቕ የማዕዱ፡ ንህሉው ምንቅስቓስ ኮኾታት ኣየር ከበቢኡ ብደቒቕ ይዕዘብን ይከታተልን፡ እዚ ከኣ ኣብ ዋላኡ ኩይኑ ዝጉብሮ ንጥፈታቱ እዩ።

ዋላ በሪኽ ሰቀላ እዩ፡ ህዙብና ብፍላይ ኣብ ወቕቲ መስከረም፡ መሸላኡ ካብ ወራር ጭፍራ ጨሪሩ ንምሕላው'ዩ ወንጭፉ ብምውዳድ፡ ኣብ እራራኡ ኩይኑ ንኸም ብዓል ዋሪ ዝኣማስሉ ሰሚ ሸዊት መሸላ ዘኹና ኣዕዋፍ "ንዲ-ዎር" እናበለ ከሰጉግ ዝውዕልን ዝሕሉን፡ እዚ ናይ ምክልኻል መስርሕ ጥቡብ ድማ ካብ ቀዳሞት ኣቦታት ዝተመሃሮ ቅወም-ነገር እዩ፡ ወዲ ሳዋ ከኣ ልክዕ ከም ሓላዊ መሸላ እዩ፡ ኣብ እታ ቅርዓትን



መኣዲ ፍቕርን ሓድነትን ኤርትራውያን መንእሰያት ዘኹኑት ሳዋ ዝተላመደም መዝሙር ሰኒትን ጽንዓትን ኣለዉዎ። ኣብ ዋላ ጅግንነት ተሰኪሉ ንኸምኡ ዝኣማስሉ መዛሉኡ ከውርስ ድማ ብዕውታ የዳምጽ። መዝሙር ሰላምን ስምረትን፡ መዝሙር ትብዓትን ጽንዓትን፡ መዝሙር ወፍርን ልምዓትን ይዝምር።

*ሆ! ደብዛል ኣሎ*
*ሰመር ደብዛል ኣሎ*
*ኣብቲ ሓምላይ ወፍሪ*
*ሰመር'ሞ ሰመርየ....*

ዋርሳይ ዓንተር ኣብ ገርስትን ዲጋ ባደሚትን ከልምዕ ጸኒሑ ናብ ግንባር መሪብ ክሰድ ዒቃ ይኸይድ። ኣብ ዓዲ ማእለል ሽሸቢት ኣሎ እናተባህለ ኣብ ገርገራን ከርከቦትን ኣሎ። ብረቱ ከውልውል ጸኒሑ ዶዘር ዓጢቑ ኣብቲ ዱኳን ዋላኻን ደረጋርግ ኣሎ። ኣርሓ መሬት ኩይኑ ራህያታትን ዓበይቲ ዲጋታትን ክሰርሕ ኂቦታት ይመትር፡ ኂላጉል ይቓድድ። ምስ ህዝቡ ብደርፌ እናዓለለ ናብ ዓድታት ዘራኽብ መጉበቲ ናይ ሓመድ ጽርግያታት'ውን ይኹሓሕል። እዚ ማስዋእቲ'ዚ ድማ ንሰለ ሓርነት ህዝቡ ዝኸፍሎ ዋጋ እዩ።

ተግባር ሓላዊ መሸላ ዓደይ ማስተንክር እዩ፡ ጸሓይ ኣብ ዝቦኑ ሓዚሉ ንኹናትን ልምዓትን ብጥዕሪ የሰላስልን፡ ክንዲ ዝኸበደ ይጸንክር፡ ፍሽኽታ ሞተር ዕዮኡ እዩ፡ ኣብ ራኢን ተሰፋን ተወጢሑ ንጽባሕ እናማዕደወ ብዓጸፋ ደስጉም። ቅያ ተወለ መኸተን ልምዓትን ከምኡ እዩ፡ ሰጋ ዝተላበሰ ፍጡር ክስሉ፡ መንፈስ ጽንዓት ተኸዲኑ ንቃንዛ ከም ዋኑ እናረአየ ዝጉዓዝ፡ ብዓል ዋሉ ዝረኣየ ንኽንዝነር

ነገሪ ኣየድልየን፡ ሃገሩ "ንወዲ ኑብረዶ ምንጣር ተላምዶ" ስለዝኾነ።

ከም ገለ ኑዩም ሕብሩን ሓድነቱን ዘይብርህም ንፍቕሩ ክዘርጉ ሒኸ ዝብሉ ሱብ ዓንቃርቦ ልቢ. ጸላእቱ ካብ'ቲ ናይ ነዊሕ እዋን ዝፈልጦ መፀለ. መድሃኒት ካብ ምንጻግ ዓዲ ኢየውዕልን፡ ልክዕ ከምዚ ጸረ ጸህያይ፡ ምኽንያቱ መረጋገጺ. ክብሩ ስለዝኾነ፡ ወዲ-ሳዋ ብዘይ ሳዋ፡ ሳዋ



ድማ ብዘይ ወዲ ሳዋ ኢይምስረሩን፡ ወዲ ሳዋ ብእኩብ ይሓሰብ፡ ብእኩብ ይብገስ፡ ብእኩብ የልምዕን ጸላእቱ ይምክትን፡ ብእኩብ ድማ ይዕወት።

መንእሰይ ኤርትራ፡ ንዊሕ እዩ ዝሓስብ፡ ኣብ ህንጸተ ኑብሲን ሰላምን ለውጥን ዕብየትን ተሰኪሉ እዩ ዝጉዓዝ፡ እዚ ድማ ብሓባራዊ ኣተሓሳስባን ራእይን ዝማዕበለ ሓይሊ. እዩ፡ ሓባራዊ ኣተሓሳስባን ዕላማን ካብ ክብርታት ሰውራ ዝተወርሱ መንገዲ ሓቅታት ህይወቱ እዮም። ነዞም ኣብ ሳዋ ኩይኑ ዘሕለፎም ረቛሒታት ድማ ሳላ ዝዓቀቦም ወጽኢቶም ኣብ ዝተኻየዱ ፈተንቲ መድረኻት ብተግባር ተረጋጊጹ እዩ፡ ነዞም ትውፊት ርዒሙ እዩ ድማ ወትሩ ዝጉዓዝ፡ እቲ ምንታይ፡ መግለጺ. ሕላጉቱ ሰለ ዝኾነ፡

ነዚ ዘልዓልኩዎ ኣበሃህላ ዘራጉድ፡ ጠቕላሊ. ሓለቓ ሰታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፊሊጶስ

ወልደዮሃንስ ኣብ'ዚ. ዝሓለፈ. ቀረባ ዓመታት፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ **"ዋርሳይ ኣብ ከቢድ ከቢዱ"** ኢሉ ክዛረብ ይዝከረኒ።

ውላድ ሳዋ ብኣምሳል ኂሀቢ. ዝጎለጽ ፍጡር ናይ'ዛ ምድሪ እዩ፡ ክልተ ናይ ገጽት ድማ ይውንን - መዓርን ሕንዘን፡ ኣብ ከመይ እዋን እንታይ ኣጋጢሙ ንመን እንታይ ይምጥን ይከዝሕን ድማ ኣንፃዕደው ይፈልጦ እዩ፡ እዚ'ውን ካብ ኣቦታቱ ዝተመሃሮ ጽኑዕ ቋንቋ ተግባር



እዩ፡ ተውለ ልምዓትን መኸተን ብዓል መንጉበጉብ ወዲ ሳዋ፡ ብፍላይ ኣብ'ዚ. ሎሚ እዋን ንኑብሱ ዝደፍር ኣካል ቁንጣሮ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ትንዕ ዝበሎ ኣካል እንተ ደኣ ኣሎ፡ ኣፍራዛን ዛጠን ደርብዩ፡ እቲ ንጥፍራርያን ጽጋቢታትን ዘጠርሕ ሰላዑ ካብ ምዕታር'ውን ዓዲ ኢየውዕልን፡ እዚ ከኣ ክብርታቱ ንምዕቃብ ዘካይዶ ቃልሲ. እዩ፡ ልዕሊ. ኹሉ ንኑብሱ ዝመልኽን፡ ኣብ ኑብሱ ዝተኣማመነን ፍጡር እዩ፡ ውላድ ሳዋ።

ብዘይምታ ሰለ ዝጉዓዞ ዓቕሊ. ዝውሓጦ ኣንበሳ እዩ ምባል ይቓልል፡ ሳዕቤን ሃወኽን ጸደፍደፍን ኣጥዕዩ እዩ ዝፈልጦን፡ ኑዩም ኾሳዕ ሕብርታት እናለዋወጡ ዝመጽእዎ ኂደቦ ዝህውጹን ዘቖርጽጹን ሓንከርቲ ድማ ከም ገጹ ንዘይደፍእዎ ሃወኽ ቃላትን መሸንጎጓን ኣብ ግዜኡ ከም ዝሃፍፍ ይጉብር፡ እዚ ከኣ ኑቲ "እሾኽ ብበልሓ ትፍጠር" ዝብል ምስላ ከዘኻኽረና ይኽእል ይኸውን፡ እቲ ምንታይ ካብ ነዊሕ ዘመናት፡ ኣንጻር መንግዓትን ሓሶዓትን ክንደይ ግዜ ናይ ውረድ ደይብ ተረር ዓቕብ ኣሕሊፉ እዩ።

ኣንጻር'ቶም መንኩቱ ንምድዋንን ካብ መሬቱ ሓግሒጎም ንምድምሳስን ዘንቀዱ ጸላእቲ፡ ነዊሕ ተረባሪቡ እዩ፡ ኣብ መውዓእታ፡ "በትሪ ሓቂ ትቕጥን እምበር ኢይትስበርን" ከም ዝበሃል፡ ሳላ ትኽ ዝበለት ዘይትልወጥ ቀጣን መስመሩን ጽንዓቱን ጉዕዞኡ ብዓወት ዛዚምዎ፡ ጸብለል ኣብ መድረኽ ዓወት!

ከም ኣቦት፡ እዚ. ትማሊ. ዝሓለፈ. መድረኽ፡ መድረኽ ሰውራ፡ ከምኡ ከኣ ግዜ መኸተ ምዕቃብ ልኡላውነትን ምዝካር ደከኣል እዩ፡ ምስ ሕሰምን ማስዋእትን ክተዓራረኽን ክተሓናገርን እንክሎ ሕርያኡ ኢይነበረን፡ እንታይ ደኣ ገዝኡ ከይድፈር ቆፎኡ ከይትንከፍ ንኽብርታቱ ደው ኢሉ፡ ኑቲ "ኤርትራ መሬታን ባሕራን እምበር፡ ህዝቢ ኣየድልየናን እዩ" ዝብል ብድዐ ዘለዎ ናይ ዝደንቆረ ኣእምሮ ኣተሓሳስባ፡ ኣዕማቒ ሓንሳብን ንሓዋሩን ቀቢርዎ እዩ፡ እቲ ስሉል መንእሰይ ኤርትራ፡

ኑዩም ድሒሮም ዝመጽኡ ከምዚኣቶም ወዲ ከምዚኣቶም ዝኣማስሉ ቅዳሕ ሓሳባት'ውን፡ ኣብ ዕሉቱን ሰዓቱን ምስ'ቶም እኪያት በዚሒቶም ኣብ ጉድጓድ ኣስጠምምዎም እዩ፡ መዝሙር ዓያሹ እንተ ተደጋገመ ዋራት ኢይህልዎን፡ ናሕሲ. ዓለባ ሃመማ ዘይቀድድ ዕሽላዊ ኣተሓሳስባ እዩ፡ "ኣብ ዓውዲ ታሪኽ ምስ እንዕዙቡ ሱብ ካብ ሕሉፉ ዘይመሃር እንተ ደኣ ኩይኑ፡ ዓሻ እዩ፡ ታሪኽ ክደግም ድማ ይኑብር። መውዓእታኡ ድማ ዕሜ ናይ'ቶም ኣልባ ዘይከፍቱ ጽንጽያ ይኸውን" ዝብል ጽሑፍ'ውን ኣንበብ ኣለኹ፡

ንምጥቕላል እምበኣር፡ ውላድ ሳዋ ብኂሀቢ. ክምሰል ከሎ ምኽንያት ኣለዎ፡ ኂሀቢ. ከይተንከፍካዮ ዝናኸስ ኢይኮነን፡ ወዲ ሳዋ ከኣ ወትሩ ኣብ ዛሬባ ቤቱ ኣሎ፡ ቀቛሒ ኩይኑ እዩ ሰፈሩን ከበቢኡን ዝሕሉ፡ እንተ ደኣ ከበቢ. ቆፎኡ ተተንኪፉ ግን ትዕገስቲ ኂሀቢ. ንፈልጦ ኢና፡ ከምኡ ኢሉ ድማ መልክዕ ኢያታቱ ሐዘ ይምርሽ ኣሎ፡ ብዓል ወንጭፍ ትኩር ሓላዊ ግራቱ ውላድ ወዲ ሳዋ፡

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:25 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ለላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዘናዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ሓድሽ ዓመትን ምልዋጥን

ኣብ ህይወት ቀጻሊ ምምሕያሽ ወይ ምልዋጥ፡ ዝያዳ ሓጎስ እዩ ዝፈጥር። ስለዚ፡ ፈለማ ኣብ ኣተሓሳስባ እዩ ዝጅምር። ኣብ ህይወት ሓደ ካብቶም ብሓገዝ ክትዓብርን ኣብ ዓወት ክትበጽሕን ዘኽእሉኻ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ምዝውታር እዩ። ኣእምሮኻ ብቐትዓት ሓሳባት ዝተመልአ እንተኾይኑ ብቐትዓት ሃዋህው ኢኻ ትኸበብ። ዓብላሊ ኣተሓሳስባና፡ ኣዝዩ እዩ ንባህርናን ኣመለኻኽታናን ዝጸልዎ። ካብዚ ዝበለጸ ተግባራትና፡ ህይወትናን ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ሰባትን እውን ብኣተሓሳስባና ክጸልዉ ንቡር እዩ። ከምዚ ስለ ዝኾነ ከኣ ኣብ ህይወትና ብዛዕባ እንታይ ከም እንሓስብ ዓቢ ጥንቃቐ ምግባር ኣገዳሲ ኣሎ። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ህይወትና ለውጢ ክንገብር እንተ ደኣ ኮይንና፡ ኣብ ኣገባብ ኣተሓሳስባና ለውጢ ክንገብር ስለ ዘድልየና እዩ። ብሓጺሩ ሓሳባትና ክንልውጥ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ክንፈልጦ ዘሎና ግን ንሓደ ግዜ ጥራይ ስለ ዝሓሰብና ለውጢ ክንረክብ ንኽእል ኢና ማለት ኣይኮነን። ንሓደ ዓይነት ሓሳብ ብተደጋጋሚ እንተ ደኣ ሓሲብናዮ እዩ ቀስ ብቐስ ሓይሊ ዝረክብ።

ግዜ ብዘየቋርጽ ናህሪ እዩ ዝሕንብብ። ድሮኡ 2026 ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ንምጅማሩ ኣብ ምቅብባል ንርከብ። ብዙሕ ዓመታት ዝበርኸዎም ወይ ዝፈጸምናዮም ነገራት ዝሓለፈ ምኳኖም። ሎሚ እንታይ ትገብር ኣለኻ? ሎሚ ዝበርኸዮ ነገር ፍጻመ ኮይኑ ካዕሕ ዓመታት ዝሕለፍናዮም ነገራት ናይ ምቕያር ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ዝተፈላለዩ መደባት ሓንጺጽና ተበጊሶ ምስ እንወስድ ክንዕወተሎም ንኽእል ኢና። እዚ ግን ንዕላማና ብዘዮጐኡ ክንጽዕተሉን ግዜ ክንውፍየሉን ምስ ጀመርና እዩ ዝበጽሕ። ንኽንውንኖ ግን ኣብ ሓደ ሓቂ ክንኣልው ኣሎና - ኣብ ሎሚ። ሎሚ ምስጢር ኩሉም ዓወታት እያ። ኣብ ሎሚ ክንገብር ምስ እንጅምር ንህይወት ከስተማቕራ ንኽእል። ብዛዕባ ጸባሕ ብዙሕ ኣይንጨነቕ። ኩሉ ኣድህቦና ኣብ ሎሚ ጥራይ ንግበር። ኣብ ህሉው ነገር እንተ ኣድሂብና፡ ባዕሉ መጻኢ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ክኣቱ'ዩ። ስለዚ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ነገራት፡ ኣብ ሎሚ ምእማን እዩ ከድልየና። ጸባሕና ካብ ሎሚ ብዝበለ መዳያ ወይ ብኹለንተናኣ ክትሓይሽ ይግባእ። ትማል ዘይገበርናዮ ጸቡቕ ነገር ሎሚ ንጀምሮ፡ ሎሚ ተኸዊሉና ዘሎ ጸባሕ ክነርእዮ ንጽዓር። "ኣነ ትማልዶ ይሓይሽ ሎሚ? ጸባሐይ ካብ ሎሚ ንኽትጽብቐከ እንታይ ክገብር ኣለኒ?" ምባል እዩ። ከጸ ምባል ከኣ ምትግባር፡ ሽዑ ጸባሓት ተደማማርም፡ ሃዘ ሎሚ ዘላ ኑብስና ፍጹም ከም እንጋግየ ክንብሩና እየም። ሓድሽ ዓመት ከም መዝምሮሚ ሕሉፍ ንጥፈታትናን መንጠሪ ናብ ሓድሽ ተግባራትናን ወይ መቖጸሊ ቅኑዕ ጉዕዞታትናን ደኣ'ምበር፡ ብስም በዓል ከም ማዘናግዒ እዋን ጥራይ ንርእዮ እንተ ደኣ ኮይንና ትርጉም ኣልቦ'ዩ። እስከ ቅድም ሃንቡስና ንገምግም። እቶም ዓሚ ሓንጺጽናዮም ዝበርና መደባት ከመይ ኣተግቢርናዮም? ብጋቡእ ዓቕምና ንገምግም። ሃናፋትና ብምምዕራራይ ንሓድሽ ዓመት ብሓድሽ መንፈስ ንጠበሾ፡ እቲ ዓወት ኣብ ቀረባ እዩ። ርሑስ ሓድሽ ዓመት!




## ካብ ኀታቲ ጠባያት



• ንሰባት ምሕማይ፦ ምሉእ ግዜኻ ኣብ ሕማቕ ካልኦት ሰባት ምሕላፍ።
• ንሰባት ኣልኪል ስለ ዘይሰትዩ ወይ ሽጋራ ስለ ዘየትክኹ ከም ኣሰልከይቲ ምርኣይ።
• ደንጉኻ መልሲ ምሃብ፦ ካብ ፈተውትኻን መቕርብኻን ንዝመጽኣካ መልእኽቲ ቀልጢፍካ መልሲ ዘይምሃብ።
• ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ኣብ ከንዲ ንትምህርትን ንዕብየትን ንጸርፍን ካልእ ዘይሰነ ምግባራዊ መዓላን ምጥቃም።
• ብናይ ካልኦት ሰባት ቃንዛ ምውዛይ፡ ሰባት ንዓቕ ተዋዚያዩ ከም ዝኾንካ ስለ ዘንጨብጨቡልካ፡ ንኻልኦት እናኣላገጽካ ምውዛይን ምውርዛይን።

## ዳእላ

• ሓደ ምስ ጓል ዘይሩ ዘይፈልጥ ወዲ፡ ንሓንቲ ምስ ብዙሓት ኣውዳት ዝዞረት ጓል ምስ ተመርዓዋ፡ ወያ ጓል ስምዒታቱ ክትቅስቅስ ደልያ ኣብ ኣካላቱ ሕግዙዝብ በለት። ጽሩላ ደማ፡ ንኽልተ እዝኑ ሓዚተን'ሞ፡ "ኣንቲ ሓብተይ እንታይ ደኣ እዝለይ ትሕዝዚ" ምስ በሉ፡ "ረሺ ይዕቅን ኣለኹ" ብምባል መለሰትሉ።

• ኣብ 1984፡ ኣብ ግንቦር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል እዩ። ውቃው እዝ ምስ ተደምሰሰ ኣሽሓት ወተሃደራት እትዮጵያ ተማረኹ። ክልተ ተጋደልቲ ንሰለስተ ምሩኻት ሒዞም እናኸዱ ከለዉ ኣብ ሓደ ቦታ ኣዕረፉ'ሞ፡ ሓደ ካብ'ቶም ምሩኻት "ወንድሜ ሰገራ" ኢሉ ፍቓድ ሓተተ። ሰገራ ደገ ክወጽእ ማለት እዩ። ወዮ ቋንቋ ኣምሓርኛ ዘይፈልጥ ተጋዳላይ ደማ፡ "ንስኻ ከኣ ኣርኪብኩ ንህልና ሽጋራ ኣይረኸብናን" ኢሉ መለሰሉ።

• ሓደ ብጻይ ኣብ ሓደ እንዳ ሓዘን ክበጽሕ ከሎ፡ "ኣደይ መዓረይ! ኣደይ መዓረይ!" ኢሉ ደማ ኣልቀሰ'ሞ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ጥቓኡ ዝነበሩ ሓዘንተኛታት ስሒቡ ኮፍ ኣበሎ። "ብጻይ እዞም መዋቲ ሰበኣይ እዮም" ኢሉ'ውን ነገሮ። ወዮ ከልቕስ ዝጸንሐ ብጻይ፡ "ኣንታ ከም ወላዲተይ ኣደይ እንደየ ዝርእየም ነይረ" ኢሉ ንብዓቱ ሓንሰሰ።

• ክልተ ብጾት እናዕለሉ፡ እቲ ሓደ ብጻይ ወላዲኡ ምኩር መራሒ ማኪና ምንባሩ ብምሕባር፡ "ክብርመካ ኣቦይ መዋእሉ ማኪና መሪሑ ሓደጋ ዝበሃል ኣጋጢምዎ ኣይፈልጥን እዩ" በሎ። "እንታይ ዓይነት ማኪና ደየም ዝመርሑ ነይሮም?" ብምባል ተገሪሙ ሓተቶ። ንሱ ከኣ፡ "ደግዓጊት" ክብል መለሰሉ።

• ኣብ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ሓደ መምህር ንሓደ ተመሃራይ፡ 'ፎክስ' (fox) ብትግርኛ እንታይ ትብሃል?" ኢሉ ሓተቶ። ወዮ ተመሃራይ መልሳ ሽርብ በሎ። ኑቲ ኣብ ጎድኑ ዝነበረ ብጻይ ንቐኸቕ ኣቢሉ ከኣ፡ " ሰሚዕካ'ዶ እታ ፈሰዊት እንስሳ ዘኾም መን እያ ትብሃል?" ኢሉ ሓተቶ። ብጻይ ከኣ ትቕብል ኣቢሉ፡ "ጉሳዕ ዝመልሱ እንስሳ ዘቤት'ምበር ካልእ ኣይፈልጥን'የ" በሎ ይብሃል።

ምንጪ፦ መጽሓፍ ዳእላታት ገድሊ - ብኢያሱ ኣሰፋው (ወድ ማቡበር)

## ጥቕስታት ወርሒ ታሕሳስ

• "ታሕሳስ መወዳእታ ወርሒ ናይ ዓመት ብምዃና፡ ብዛዕባ እቲ ዝመጽእ ዓመት ክንሓስብ ግድን እዩ።" - ፊኒል ሃድሰን
• "ወርሒ ታሕሳስ፡ ምስ ውሽጥኻ ዳግማይ ሰላም እትረኽበሉ ወርሒ እያ።" - ዘይተፈልጠ
• "ወርሒ ታሕሳስ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝሓለፈ ናይ ምዝኽርን ናብ መጻኢ ናይ ምቁማትን ግዜ እዩ።" - ጆሲያስ ሶቶ
• "ወርሒ ታሕሳስ፡ መዕጸዊ ሓደ ምዕራፍን ምጅማር ናይቲ ዝቕጽል ምዕራፍን እያ።" - ዘይተፈልጠ
• "ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ዘውጽኡ ህያባት መግለጺ ፍቕሪ ኮይኖም፡ ብዙሓት እዮም።" - ኢሊስ ግሪን
• "ታሕሳስ ናይ መወዳእታ ወርሒ ናይ'ዚ ዓመት ብምዃና፡ ብጥዑማት ዘኽሪታት ዝተመልአት እያ።" - ፊኒል ሃድሰን
• "ታሕሳስ፡ ህዝቢ ዓለም ብፍቕሪ ዝሕልፋ ወርሒ'ያ።" - ሃሚልተን ራይት ማቢ
• "ወርሒ ታሕሳስ፡ ብጸባቐ በዓላት፡ ብተስፋ ናይ ሓድሽ ዓመት ዝወቀበት እያ።" - ቻርለስ ዲክንስ
• "ቅድሚ ወርሒ ታሕሳስ ምዝዛሙ፡ ብዛዕባ'ቶም ዘመዝገብኩዎም ዋላ'ውን ብዛዕባ'ቶም ኑኣሽቱ ዓወታት እናዘከርካ ንኡበሽኻ ግዜ ሂብካ ኣድንቓ።" - ዘይተፈልጠ

## ሕቶ ዝቱመሳቐለ ቃላት

### ንትኹል

1. ምስልና ዝሓዘ ወረቐት
2. ምምንኳስ
3. ገዛ
4. ደጋ ደጋዊ፡ ትሮፒክ _____
5. ሓው (ሓብቲ) ሰበይትኻ
6. ንርእስና ዝሰከም
7. ዓይነ ምርኣይ ምእባይ
9. ምሽፋን፡ ምኩዋል
11. ውላድ በጊዕ
13. ሽግር፡ ጸገም፡ ዕንቅፋት
15. ገንዘብ ናይ እንግሊዝ
17. ውዑይ ዝበለ ማይ
20. ውላድ ድሙ
21. ካብ 'ለይ ለይ' 2/4
23. ማህደር
24. ምንባር፡ ንህይወት ምጽናሕ
26. ዘይፍቀድ
28. ጠሊ፡ ሃብቲ፡ ሰላም
31. ካብ ሰናቡእ ዝወጽእ ብልሹው ኣየር
32. ተንቀሳቓሲ ምስሊ
34. ኣረጊት
37. ዓቐን፡ ብዝሒ
39. ዘይ ስነ ምግባራዊ፡ ብዕልግና
41. ኣቕሓ፡ ጥሪት፡ ነገር
42. ቡስጣ፡ ዓቓቢት ደብዳቤ
43. ምብጋስ
49. ዓሰርተ ኩንታል

### ንገድም

1. ንስዋ ዝኸውን እኽሊ
3. ናይ ጥንቲ ነገራት ዝዕቐበሉ
8. ካሴት
10. ሞዶሻ
11. መኽልኢ ጡብ ዝኸውን ተኽሊ
12. ፍልጠት
14. ዓይነት ሽጋራ
16. ትምኒት፡ ባህጊ
18. ካብ ኣሕምልቲ
19. ዓይነት ጫማ
20. ኣብ ሃለፍታ ምእታው
22. ደስ፡ ቃሕ
23. ማይ እተመላልስ ተሽከርካሪት
25. ሕራይ፡ ምራጽ
27. ምሸት እንምገቦ መግቢ
29. ዓንዲ
30. ናይ ምግራም ድምጺ
31. ብዙሕ፡ ሓሸከት
33. ጸብጻብ፡ ቁጽሪ፡ ፍቕዲ
35. ድቁስ፡ ምግሱስ፡ ዝሕቱል
36. ጸባ እትህበና እንስሳ
38. ትንዕ
40. ሃቡኒ ትብል
42. ድያብሎስ
44. ቤተ ሽቓጣ ሽቓጥ
45. መከላኸሊ
46. ምዕይ፡ ነዝ
47. ደበንገረ፡ ጽላል ዘለዎ ቦታ
48. ኣመንዝራ፡ መንጣሊት ሰብኣይ እንዳማታ
50. ሽለብታ፡ ሓጺር ድቃስ ምሳድ
51. ካናለ

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | 2 | ■ | 3 | 4 | | 5 | 6 | | ■ | 7 |
| | ■ | 8 | 9 | | | ■ | 10 | | ■ | 11 | |
| 12 | 13 | | | ■ | 14 | 15 | ■ | 16 | 17 | | |
| ■ | | ■ | | ■ | 18 | | | ■ | 19 | | ■ |
| 20 | | 21 | | ■ | 22 | | ■ | 23 | | ■ | 24 |
| 25 | | | ■ | 26 | ■ | 27 | 28 | | ■ | 29 | |
| 30 | | ■ | 31 | | 32 | ■ | 33 | | 34 | ■ | |
| ■ | ■ | 35 | | | | ■ | | ■ | 36 | 37 | ■ |
| 38 | 39 | ■ | 40 | | | 41 | ■ | 42 | | | 43 |
| ■ | 44 | | | ■ | ■ | 45 | | | ■ | 46 | |
| 47 | | ■ | 48 | | 49 | | ■ | | ■ | ■ | |
| ■ | 50 | | | ■ | | ■ | 51 | | | | ■ |

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሊግ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

### ደንደንን ቀይሕ ባሕርን ተዓዊተን

ከዕሶ እግሪ ሊግ ዞባ ማእከል ሰንበት 28 ታሕሳስ ብክልተ ግጥማት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ቀጺሉ።

ኣብ ቀዳማይ ጸወታኣ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ብኩባንያ ሰማል ዝተሳዕረት ደንደን ምስታ ንቀዳማይ ጸወታ ዝተዓወተትሉ ኣዱሊስ ገጢማ፡ ቀዳሞት እብረ ብዘይ ሸቶ ተዛዚሙ እናተባህለ ከሎ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ደንደን ብመገዲ ሰምኦን ሃብተ መራሕት ዘኹሓዘታ ሸቶ ኣመዝጊባ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሐን። ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩ ከኣ ደንደን ብጸቢብ 1-ብ0 ተዓዊታ ቀዳሞት ሰለስተ ነጥቢ ወሲዳ። ኣቦላ ኣማር መርሃዊ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

ግጥም ቀይሕ ባሕርን ኣልታሕረርን ሰዓቡ ተኻይዱ። ቀይሕ ባሕሪ ሰለስተ ነጥቢ፡ ኣልታሕረር ሓደ ነጥቢ ሒዘን እየን ናብዚ ካልኣይቲ ናይ ሊግ ጸወታአን ኣትየን። ኣብ ፈለማ ብመገዲ ሚናስ ሙሴን ኣቤል ረዘነን ዕድላት ዝፈሰረት ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ራብዐይቲ ደቒቕ ቤንሃር ጠዓመ ብዘመዝገቦ ሸቶ መራሕት ሒዛ። ኣልታሕረር ክትመጻረረ ዘኽእላ ዕድላት እኳ እንተፈጠረት፡ ናብ ሸቶ ኣይቀየረቶን። ናብ ዕረፍቲ ብመራሕት ቀይሕ ባሕሪ 1-ብ0 ወጺአን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣልታሕረር ብመገዲ ዘርኢት የማ፡ ብርሃ ተስፋሚካኤልን ወደብ ፍስሃየን ዝፈጠሮተን ዕድላት፡ ሓላዊ ልዳት ቀይሕ ባሕሪ ዓወት መሓሪና ኣድሒኑወን። ቀይሕ ባሕሪ ግና 80 ደቒቕ ካብ ቤንሃር ኣማኑኤል ሸቶ ኣመዝጊባ 2-ብ0 ተዓዊታ። ሓደገኛ ዕድላት ዘድሓነ ሓላዊ ልዳት ቀይሕ ባሕሪ ዓወት መሓሪና፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ ሸውዓተ ጋንታታት ዝሓዘ ሊግ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ቀዳም ፈሊሙ።

እዚ ውድድር ብጸወታ ናይ ምምሕዳር ጋንታታት ንዳይፍን ሰማልን ጀሚሩ። ንዳይፍ ኣብ ሻሙነይቲ ደቒቕ ብመገዲ ምስጋና ዘወልዳይ ሸቶ ረኺባ እንተመርሐትኳ፡ ሰማል ኣብ ታሸዐይተን መበል 25 ደቒቕን



ሓላዊ ልዳት ቀይሕ ባሕሪ ዓወት መሓረና

ካብ ሪም ፍጹም ሸቶታት ረኺባ 2-ብ1 መሪሓ ናብ ዕረፍቲ ወጺኣ። እዛ ጋንታ ኣብ መበል 58 ደቒቕ'ውን ካብ የርሳሌም ብኡምት ሸቶ ወሲኻ 3-ብ1 ተዓዊታ። ሪም ፍጹም፡ ናይቲ ግጥም ብልጽቲ ተጻወትቲ ተሰምያ።

ግጥም ገጀረትን ኢንሹራንስን ብገፊሕ ዓወት ኢንሹራንስ ተዛዚሙ። ኢንሹራንስ ኣብ ሻውዐይቲ ደቒቕ ካብ ማርታ ተወልደ፡ ኣብ መበል 47ን 77ን ደቓይቕ ብልጽቲ ተጻወትቲ ናይቲ ግጥም ካብ ዝተባህለት ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት፡ ኣብ 82 ደቒቕ ከኣ ካብ ኤኪላስ ዓብደልናስር ሸቶታት ረኺባ። ገጀረት ካብ ስዕረት ዘናገፈት ሸቶ ኣብ መበል 56 ደቒቕ ካብ ሊድያ ኣብርሃም እያ ኣመዝጊባታ።

ግጥም ደንደንን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ኣካል ናይ'ቲ ዕለት ነይሩ። ኩባንያ ሰገን ብሓዳሽ ኣሰልጣኒት ሩታ ኣለም (ጨጎራ) እያ እትዕለም ዘላ። ኣብ ሓሙሻይቲ ደቒቕ ተጻወትቲ ኩባንያ ሰገን ባና ደስታ ናብ ልዳታ ብዘመዝገበታ ሸቶ ደንደን ናብ ዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ። ኣብ 66ን 72ን ደቓይቕ ሄርሞን እዮብ ክልተ ሸቶታት ብምቑጻራ ከኣ ናይ ዓሚ ክብራ ንምዕቃብ እትሰርሕ ደንደን 3-ብ0 ተዓዊታ። ሄርሞን እዮብ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዚ ግጥም ተሰምያ።

## ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዓመታዊ ገምጋም ኣካየዱ



ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ፡ ናይ 2025 ዓመታዊ ገምጋም ብ27 ታሕሳስ ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኦሎምፒክ ኮሚቲ ኤርትራ ኣካይዱ።

ኣብቲ ኣብ መንበራት ናይ ሸዱሽተኣን ዞባውያን ፌደረሽናት ዝተረኽበሉ ገምጋም፡ ኣብዚ ዓመት ዝተኻየዱ ውድድራት ዝነበረ ብልጫን ብደሆን ከምኡ'ውን ናይ መጻኢ መደባቶም ሓደ ብሓደ ኣቕሪቦም።

ሃገራዊ ፌደረሽን ድማ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ኣብ ዝተኻየዱ ውድድራት ዝተረኽበ ወጽኢትን ዝተጨበጠ ዓወትን፡ ከምኡ'ውን ንኣሰልጠንቲ፡ ተቐዳደምቲ፡ ኣብ ኣውዳድባ ጸወታን ዝተዋህበ ስልጠናን ካልኦት ዕዉታት ስራሕን ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዝበዝሐ መደባት 2025 ኣብ ዝተወጠነ ብጹቡቕ ከም ዝተዛዘመ ክግለጽ እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣብዘን ዝሓለፋ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ተመዲቦም ዝነበሩ ውድድራት ስለምንታይ ዘይተኻየዱ ተዘርዚሩ ሓቢሩ። ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ዘይተተግበሩ መደባት ድማ ናብ 2026 ከም ዝተሰጋገሩ ተገሊጹ።

ኣብ ብሽክለታን ዕጥቕን መቃያሪ ኣቕሑትን ዘሎ ሕጽረታትን ብደሆን ከምኡ'ውን ዋሕዲ ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ ዝበርኸሉ ስራሕ ክዕመም ከም ለበዋ ቀሪቡ።

ብተወሳኺ ብመገዲ ሃገራዊ ፌደረሽን ስልጠና ዝወሰዱ ኣባላት፡ ኣብ ዞባኦም ምስ ተመልሱ ዝለዓለ ትምህርቲ ስለዝወሰዱ ካብ ሕጊ ናይ ፌደረሽን ወጻኢ ዝሰርሑ ኣባላት ከም ጉድለት ጠቢዩ ካብ ስርሖም ደው ክበሉ፡ ዞባታት ኣብ ሃገራዊ ውድድራት ተቐዳደምቲ ካብ ዞባ ናብ ዞባ ክቡዓዙ እንከለዉ ይሸገሩ ስለ ዘለዉ፡ ዝምልከቶ ኣካል ናይ መጓዓዝያ ምትሕብባር ክገብር ዝበሉ ለበዋታት ቀሪቦም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ፕረዚደንት ናይ'ቲ ፌደረሽን ኣቶ ተማስገን ረዳኢ፡ ንኹሎም ዞባታት ኣብ 2026 ምስ ሃገራዊ ፌደረሽን ኣቐዲሙ ብዝሰየደሎም መደባት (ካለንደር) ብዘይጋጮ መደባቶም ክሰርዑ ተላብዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ዞባታት ኣብ ሃገራዊ ውድድር ብምልኣት ክሳተፉ፡ ንተቐዳደምትን ነቲ ዝሰርዕ ከለሜቴር ሓጋዚ ዝኾነ ልምምድን ውድድርን ክሰርዑ'ሎም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ተኣትቲ ተቐዳደምቲ ጅጆርን ብዙሓ ደቂ ኣንስትዮን ከምኡ'ውን ኣብ ፓራ-ሳይክል ንክሳተፉ ጽዑቕ ክሰርሑ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።

ንበዚሓ ተኣትቲ ፕሮፈሽናላት ተቐዳደምቲ ኣመልኪቱ ድማ ኣቶ ተማስገን፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ትርከቦም ዝተፈላለዩ ተቐዳደምቲ ናብ ናይ ጋንታታት ማሰርሒ ንምስሳጋር ይሰርሑ ምህላዉን ካልኦት ውዕሎም ኣብ ምሕዳስ ከምዝርከቡን ምግላጹ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

ኤርትራ፡ ኣብዚ ዓመት ብውልቂ ተቐዳደምቲን ጋንታን ካብ ዘምጽኦቶ ዓወታት፡ ንፈለማ ግዜ ኣብ ዘር ፈረንሳ ብመገዲ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ንመንእሰያት እትወሃብ ጻዕዳ ማልያ ዝተለበሰትላ ተጠቃሲት እያ።

ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ድማ፡ ኣብ ዓበይትን ትሕቲ 23 ዓመትን ከምኡ'ውን ጁንየር ደቂ ተባዕትዮ ተዓዊታ። ኣብ ብዙሓት ተኣትቲ ተቐዳደምቲ ጽልዋ ብምሕዳር ኣብ ኩሉ ዞባታት ቁጽሪ ሓያስቲ ተቐዳደምቲ ንምውሳኽ ከም ዓቢ ብልጫ ክኸውን ከምዝኽእል ተገምጊሙ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ንፈለማ ግዜ ኣብ ኣፍሪቃ ብዑክ (ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ) ዝተዋህበ ሽልማት፡ ኣብዚ ዓመት ብዘመዝገቦም ዓወታት ብሉጽ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ ናይ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዝበለጸት ሃገር ድማ ኤርትራ ምስዖማያ ይዝከር።

ኤርትራ ብዘመዝገበቶ ናይ ዩሲ.ኣይ ነጥቢ ካብ ኣፍሪቃ ቀዳመይቲ ብምዃን ደረጃኣ ክትዕቅብ እንከላ ብደረጃ ዓለም መበል 21 ተርታ ሒዛ።

## ደምበለ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም ተባሂሉ

### ሮናልዶ፡ ናይ ማእከላይ ምብራቕ . . .

ኣጥቃዓይ ፒኤስጂ - ኡስማን ደምበለ ሰንበት ምሸት ኣብ ዱባይ ኣብ ዝተኻየደ ጽምባል ሽልማት 'ግሎብ ሶከር'፡ 'ብሉጽ ወዲ ተባዕታይ ተጻዋታይ 2025' ተባሂሉ።

ኣብዚ ዓመት ኣከታቲሉ ንባሎን ዲ'ኦርን ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ፊፋን ዝዓተረን ደምበለ፡ ብናይ ጋንታን ውልቁን ሽልማት ዝሓጸረ ዓመት እዩ ኣሕሊፉ። ኣብዚ ናይ ሰንበት ሽልማት ከኣ ንኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ኪይላን ምባፐን ኣጥቃዓይ ባርሴሎና ራፊንያን በሊጹ ሳልሰይቲ ውልቃዊት ሽልማት ዓቲሩ።

ከም ደምበለ ኣቐዲማ ተመሳሳሊ ሽልማት ዝዓተረት ተጻዋቲት ባርሴሎና - ኣይታና ቦንማቲ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዝበለጸት ተባሂላ። እዛ እስፓኛዊት፡ ዓሚ ንዝጀመረት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሽልማት፡ ኣከታቲላ ተዓዊታትላ።

ፒኤስጂ፡ ዝበለጸት ክለብ ክትብሃል እንከላ ካብ ኣባላታ - ዝበለጸ ዓላሚ ሉዊስ ኤንሪኬ፡ ዝበለጸ ኣከፋፋሊ ቪቲንያ፡ ዝበለጸ መንእሰይ ተጻዋታይ ጀዚረ ድዌ፡ ዝበለጸ ዳይረክተር ስፖርት ሉዊስ ካምፖስ፡ ኣል ኸላፊ ከኣ ዝበለጸ ፕረዚደንት ተባሂሎም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣጥቃዓይ ኣል-ነስር ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ንካልኣይ ተኸታታሊ ዓመቱ 'ናይ ማእከላይ ምብራቕ ዝበለጸ ተጻዋታይ' ተባሂሉ።



ካብ 956 ፕሮፈሽናል ሸቶታት ኣመዝጊቡ ዘሎ ሮናልዶ፡ "ኣብዚ ዕድመ'ዚ ምጽዋት ክትቅጽል ከቢድ እዩ፣ እንተኾነ ተተባቢዐ ኣለኹ። 1000 ሸቶታት ክበጽሕ እየ ዝደሊ። ብርግጽ ድማ ክበጽሖ እየ - ዝኾነ መጉዳእቲ እንተዘይ ኣጋጢሙኒ።" ኢሉ ድሕሪ ዓወቱ።

ዝመጽእ ዓመት ወርሒ ለካቲት 41 ዓመት ዝመልእ ሮናልዶ፡ ጋንታኡ ቀዳም ንኣል ኣኽሁድ 3-ብ0 ኣብ እትስዕረሉ ክልተ ሸቶታት ኣብርኪቱ። ጋንታኡ ንቀዳሞት 10 ናይ ሊግ ግጥማት ከዕሶ እግሪ ስዑዲ ዓረብ ዝተዓወተትሉም ናይ ፈለማ ክሉብ ክትከውን እንከላ ንሱ ኣብዚ ዓመት 40 ሸቶታት በጺሑ።

በዚ ድማ፡ ኣብ 14 ዝተፈላለዩ ዓመታት (2010፡ 2011፡ 2012፡ 2013፡ 2014፡ 2015፡ 2016፡ 2017፡ 2018፡ 2020፡ 2021፡ 2023፡ 2024ን 2025ን) እንተውሓደ 40 ሸቶታት ኣመዝጊቡ። ኣብ ታሪኽ ከዕሶ እግሪ ከኣ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ደሪሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ምሸት፡ ተጻዋታይ ባርሴሎና ላሚን ያማል 'ብሉጽ ኣጥቃዓይን ሽልማት ማራዶናን' ዓቲሩ። ዝበለጸ ሃገራዊት ጋንታ፡ ፖርቱጋል ተሰምያ። ፖል ፖግባ ድማ 'ዝበለጸ ምልሶት ናብ ከዕሶ እግሪ' ዝብል ክብሪ ረኺቡ። እዚ ፈረንሳዊ ድሕሪ ብዘይፍላጥ ከምዝወሰዶ ዝተረጋገጸ ኣብ ደሙ ሓይሊ ዝሁብ መድሃኒት ስለዝተረኽቦ ካብ መስከረም 2023 - ን18 ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ከዕሶ እግሪ ተኣጊዱ ነይሩ። ኣብ መጋቢት 2025 መቕጻዕቱ ወዲኡ ከኣ ኣብ ሕዳር 2025 ናብ ሞናኮ ተጸምቢሩ ይጻወት ኣሎ።




ኣባላት ፒኤስጂ ካብ ጸጋም ቪቲንያ፡ ደምበለን ድዌን

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ዘዋሪት ዋንጫ ከዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ**

ንግዳዊ ባንኪ - ኩባንያ ህንጻ ሳዋ 11:30 ቅ.ቀ
ንዳይፍ - ኣልታሕረር 'ቢ' 1:30 ድ.ቀ
ደንደን 'ቢ' - ግዛ ባንዳ 3:30 ድ.ቀ

**ዋንጫ ኣፍሪቃ ሳልሳይ ናይ ምድብ ጸወታ**

ኡጋንዳ - ናይጀሪያ 7:00 ድ.ቀ
ታንዛንያ - ቱኒዝያ 7:00 ድ.ቀ
ቦትስዋና - ዲ.ሪ. ኮንጎ 10:00 ድ.ቀ
በኒን - ሴኔጋል 10:00 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ መበል 19 ሰሙን**

በርንሊ - ኒውካስል 10:30 ድ.ቀ
ቸልሲ - ቦርንማውዝ 10:30 ድ.ቀ
ኖቲንግሃም - ኤቨርተን 10:30 ድ.ቀ
ዌስት ሃም - ብራይተን 10:30 ድ.ቀ
ኣርሰናል - ኣስቶን ቪላ 11:15 ድ.ቀ
ማን ዩናይትድ - ዎልቭስ 11:15 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## “ፕረዚደንት ፑቲን፡ ንዩክሬን ብቑጠባ ክሕግዝ ይደሊ’ዩ” ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሩስያ ንቑጠባ ዩክሬን ንምድጋፍ ድሉት ከምዝለዋ፡ ብትሑት ወጻኢታት ጸዓት ክትቀርበላ ድልውቲ ምዃና፡ ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ከምዝገለጸሉ ተዛሪቡ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ምስ መራሒ ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ኣብ ፍሎሪዳ ቅድሚ ምርኻቦም፡ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ብስልኪ ብቴሌፎን ዝርርብ ከም ዘካየዱ ድማ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ብወገኑ፡ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ነባሪ ስምምዕ ሰላም ንምብጻሕ ድሉት ከም ዘለዎም ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ “ኣብ ስምምዕ ሰላም ምስ ተበጽሐ፡ ሩስያ ኣብ ዳግመ ህንጸት ዩክሬን ተራኣ ክትጻወት ትኽእል ድያ?” ንዝብል ሕቶ ኣብ ዝሃቦ ምላሽ፡ “ሩስያ ብርግጽ ንዩክሬን ክትሕግዝ ኢያ” ክብል ሓቢሩ።

ንሱ ቀጺሉ፡ “ሩስያ፡ ዩክሬን ኣብ ዳግመ ህንጻ ተዓዊታ ክትርኢያ ትደሊ ኢያ። እዚ ኣገራሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ፕረዚደንት ፑቲን ግና ዩክሬን ክትዕወት ዘለዎ ድሌት ልዑል እዩ። ጋዝን ሓይሊ ኤሌክትሪክን ካልእ መሰረታዊ ነገራትን ብኣዝዩ ሕሱር ዋጋ ብምቕራብ ክሕግዞ ድሉው እዩ ዘሎ” ኢሉ።



ቅድሚ 2014፡ ሩስያን ዩክሬንን ጥቡቕ ንግዳዊ ምትእስሳር ከም ዝነበረን እዩ ዝግለጽ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣቐዲሙ’ውን እቲ ምስ መራሒ ሩስያ ዝነበሮ ዝርርብ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ምንባሩ፡ ብማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ ገሊጹ ነይሩ።

## ብሪጣንያ፡ ኣብ ልዕሊ ኮንጎ እገዳ ቪዛ ኣንቢራ

ብሪጣንያ፡ ሰበ ስልጣን ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ተጠሪዖም ንዘምለሱ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ኣብ ምቕባል ምትሕብባር ከም ዘይገበሩ ብምኽንያት ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ናይ’ታ ሃገር ሓደሽ ናይ ቪዛ እገዳ ከም ዘንበረት ኣፍሊጣ።

ጸሓፊ ወሽጣዊ ጉዳያት ብሪጣንያ ሻባና ማሕሙድ፡ ብመሰረት እቲ ሓደሽ እገዳ፡ ላዕለዎት ሰበ ስልጣንን ጸለውቲ ሰባትን ናይ’ታ ኣፍሪቃዊት ሃገር ድሕሪ ደገም ቪዛ ብሪጣንያ ከም ዘይረኽቡ፡ እቶም ዝተረፉ ዜጋታት ናይ’ታ ሃገር’ውን ቪዛ ኣብ ዝሓቱሉ እዋን ሕቶኦም ቅልጡፍ መልሲ ከም ዘይረኽቡ ኣፍሊጣ።




ብሪጣንያ ዝ. ሰንበት ዘውሰደቶ፡ ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ናይ’ታ ሃገር ሻባና ማሕሙድ፡ ዲሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ኣንጎላን ናሚብያን ኣስታት 4000 ዘሕጋውያን ስደተኛታት ኣብ ምምላስ ምትሕብባር እንተ ዘይኣርእያን እገዳ ቪዛ ከም ዝገበረለን ዝተላለፈ ሕዳር ድሕሪ ምጥንቃቓ እዩ።

ሻባና ቀጺላ፡ እተን ሰለስተ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ብሪጣንያ ንኣሽሓት ሕጋዊ ሰነዳት ዘይብሎም ስደተኛታትን ገበነኛታትን ንምስጓግ ኣብ እትገብሮ ፈተነታት ብተደጋጋሚ ዕንቅፋት ኮይነን ከም ዝጸንሓ ከሲሳ።

“ብሪጣንያ፡ ኣብ ልዕሊ ዘይሕጋውያን ስደተኛታትን ገበነኛታትን ዝበራ ፈኲስ ኣተሓሕዛ ኣብቂዑ እዩ” ክትብል ድማ፡ እታ ብዑልቲ ስልጣን ወሲኻ ሓቢራ።

ሚኒስትሪ ወሽጣዊ ጉዳያት ብሪጣንያ፡ ኣንጎላን ናሚብያን ድሕሪቲ መጠንቐቕታ ንዘይሕጋውያን ስደተኛታትን ገበነኛታትን ክቕበላ ቃል ስለ ዝኣተዋ፡ ክልቲአን ሃገራት እቲ ሓደሽ ናይ ቪዛ እገዳ ከም ዘይምልከተን ኣፍሊጡ’ሎ።

## ኢጣልያ፡ ንሓማስ ብገንዘብ ክሕግዙ ንዝጸንሑ ኣሲራ

ኢጣልያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ኣስታት 7 ሚልዮን ኤውሮ ንሓማስ ሓጊዘኩም ንዝበሎኦም ትሽዓተ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትያ።

ፖሊስ ኢጣልያ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ ገንዘብ ንፍልስጤማውያን ግዳያት ኲናት ብዝብል ጉልባብ ከም ዝተዋጽአ፡ ኣብ ክንዲ ናብ ሰብኣዊ ረድኤት ግን ናብ ሰበ ማዚ. ዕጡቓት ሓማስ ይለኣኽ ምንባሩ መርትዖ ከም ዝረኸበ ሓቢሩ።

ፖሊስ ኢጣልያ፡ ኑቶም ትሽዓተ ሰባት ኣብ ዝቖየደሉ እዋን፡ ልዕሊ 8 ሚልዮን ኤውሮ ዝግመት ንብረት’ውን ከም ዝሓዘ ገሊጹ።

እቶም ጥርጡራት ንጉዝበረ ሽበራውያን ገንዘብ ብምምዋሎም ኣብ ልዕሊኦም ክሲ ተመስሪቱሎም ከም ዘሎ ድማ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ፖሊስ ኢጣልያ ኣብ መግለጺኡ፡ “እቶም ጥርጡራት፡ ኣብ ቓዛ ንዝርከቡ ሰላማውያን ሰባት ዝውዕል ሓገዝ ብዝብል ጉልባብ ገንዘብ ከዋጽኡ ጸኒሖም፡ እንተ ኾኑ፡ ልዕሊ 71 ሚእታዊት ካብቲ ዝተዋጽአ ገንዘብ ናብ ሰበ ማዚ. ሓማስ እዩ ተላኢኹ። ንወተሃደራዊ ክንፍታትን ንጉዝበረ ሽበራውያን ኣባላትን ሓማስ ኣብ ምሕጋዝ ይውዕል ነይሩ” ይብል።

እቲ ገንዘብ ናይ ምውጻእ መስርሕ ካብቲ ዕጡቓት ሓማስ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ደቡባዊ ክፋል እስራኤል ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ዝፈጸሙሉ ዕለት ጀሚሩ ክካየድ ከም ዝጸንሐ’ዩ ፖሊስ ኢጣልያ ዘመልከተ።

ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ኢጣልያ ማትዩ ፒያንተዶሲ ድማ፡ ፖሊስን ኣሃዱ ጸረ ግዝበረ ሽበራን ኢጣልያ፡ ኑቶም ጥርጡራት ንምሓዝ ዝካየድዎ ዝተወሃሃደ ስርሒት ንኢዱ።



## ሃንጋሪ፡ ንመደብ ስደተኛታት ሕብረት ኤውሮጳ ትጻረር



ሃንጋሪ ብቡዳይ ሓደሽ ፖሊሲ. ስደተኛታት ኣመልኪታ ኣብ 2026 ኣንጻር ሕብረት ኤውሮጳ ተቓውሞ ክተካይድ ቃል ከም ዝኣተወት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ናይ’ታ ሃገር ፒተር ስዚጃርቶ ገሊጹ።

እቲ ኣብ ዝመጽእ ሓምለ ተግባራዊ ክኸውን ትጽቢት ዝግበረሉ ሓደሽ ፖሊሲ፡ ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ. እተን ኣዝየን ዝተሃስያ ኣባላት ዝፍጠር ጸቕጢ. ስደተኛታት ንምቕላል ኣበርክቶ ክገብራ ዝገድድ እዩ።

ብመሰረት እቲ ሕብረት ኤውሮጳ ዘውጽኦ ሓደሽ ፖሊሲ፡ ነፍሲ. ወከፍ ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ዝኾነት ሃገር ዝተወሰነ ቁጽሪ ስደተኛታት ክትቕበል፡ ወይ ድማ ኣፃሚያ ምቕባል ናይ ዘኣበየቶ ነፍሲ. ወከፍ ስደተኛ €20,000 ($23,000) ክትከፍል ግዴታ ኣለዋ።

ፒተር ስዚጃርቶ፡ ኑቲ ጠለብ “ዕሽነት ዝመልኦ” ኢሉ ድሕሪ ምግላጹ፡ “ልክዕ ከምቲ ኣብ 2025 ዝበርዎ፡ ኣብ 2026 እውን ዝኾነ ስደተኛ ናብ ሃንጋሪ ክኣቱ ኣይንፈቅደን ኢና። ገንዘብ’ውን ሳንቲም ኣይንኸፍልን ኢና” ክብል ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ቀንዲ ዕላማ ሃንጋሪ ብዝተኻእለ መጠን ንስደተኛታት ብቕልጡፍ ምብራር ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሃንጋሪ ቪክቶር ኦርባን ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሃንጋሪ ኑቲ ሓደሽ ጠለባት ሕብረት ኤውሮጳ ክትቕበሎ ከም ዘይትኽእል ብምግላጽ፡ ኑቲ ሓደሽ ፖሊሲ. “ዘቖጥዕ ስጉምቲ” ክብል ነኺኑዎ።

ፖላንድ፡ ስሎቫኪያን ቸክ ረፓብሊክን እውን ኑቲ ሓደሽ ፖሊሲ. ስደተኛታት ሕብረት ኤውሮጳ ከም ዘይቕበላኦ ኣፍሊጠን ኣለዋ።

## መክሲኮ - ብሓደጋ ባቡር 13 ሰባት ሞይቶም




ኣብ ደቡባዊ ክፋል መክሲኮ 250 ሰባት ጸዒና ትጉዓዝ ዝነበረት ባቡር ካብ ሓዲድ ወጺኣ ብምንድልሃ፡ ብውሕዱ 13 ሰባት ክሞቱ ከለዉ. ካልኦት 98 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰበ ማዚ. ናይ’ታ ሃገር ገሊጾም።

ብመሰረት እቶም ሰበ ማዚ፡ እታ በቲ ዝባሓት ኦኣክሳካን ቬራክሩዝን ኣብ ዘራኽብ ሓዲድ ትጉዓዝ ዝነበረት ባቡር፡ ዝሓለፈ. ሰንበት ኣብ ጥቓ ከተማ ኒዛንዳ ምስ በጽሐት እያ እቲ ሓደጋ ኣጋጢሙዋ።

ፕረዚደንት ሜክሲኮ ክላውድያ ሸንባውም፡ ካብ’ቶም ዝቖሰሉ ብውሕዱ እቶም ሓሙሽተ ኣብ ኣስጋኢ. ኩነታት ጥዕና ከም ዘለዉ. ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሸንባውም ወሲኻ፡ ኣባላት ሓይሊ. ባሕርን ካልኦት ላዕለዎት ሰበ ስልጣንን ንስድራ ግዳያት ክሕግዙን ክጽናንዑን መምርሒ. ከም ዝሃበት’ውን ሓቢራ።

ቤት ጽሕፈት ዋና ኣኽባር ሕጊ. መክሲኮ ብወገኑ፡ ጠንቂ ናይ’ቲ ሓደጋ ንምፍላጥ መርመራ ከካይድ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ኦኣክሳካ ሳሎሞን ጃራ ክሩዝ ድማ፡ በቲ ትራጀድያዊ ዝኾነ ሓደጋ ዝተሰምዖ ሓዘን ድሕሪ ምግላጽ፡ ናብ ስድራቤት ግዳያት ናይ ጸንዓት ደብዳቤ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | 30/12/2025 | ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services